ኣ
ስ
ተ
ም
ህ
ሮ

# ጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ስለምንታይ ፍታሕ ከይተረኽበሉ: ክሳብ ሎሚ ዕንክሊል ይብል ኣሎ?

*"Follow the Evidence, wherever it leads". Socrates*

*"ንመርትየ ኣበይ ትመርሓኩም ብዘየግድስ ስዓቡዋ።" ሶክራተስ*

## መ ቕ ድ ም :-

ኣብ'ዚ መበል *21* ክፍለ-ዘመን ኣብቂዑስ: *22* ክፍለ-ዘመን ዝጅመረሉ ዘሎ መዋእል: ህዝቢ ኤርትራ በቲ ካብ "ሚእቲ እቶት ሚእቲ ሓሶት" ዝዕዮኡ: ሕገ-ኣልቦ ስርዓት ህግደፍ: ፍትሒ ሓሪሙዎ ተደናጊሩን ደንቀኍሩን ይግዛእ ከምዘሎ ግሁድ ሓቂ'ዩ። ብፍላይ እቶም ብድሕነት ህዝብና ንግደስ ኢና ንብል ዜጋታ ኤርትራ ግና: ንነብስናን ህዝቢ ኤርትራን: ካብ'ቲ ወሪዱና ዘሎ ሽግር ከንገላገል መድረኽ ይጠልበና ኣሎ። በቲ ብልሹው ፕሮፓጋንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ. ተጸሊናን ኣሚናን: ክሳብ ባህርያዊ ሞት ክንጸንሕ ግና ሃየንታ'ዩ። ዓያሹን ዘይተማህሩን ከይተረፉ'ውን ባዕላዊ ፍልጠት ከምዘለዎም ተገንዚብና: ከይንዓቕናን ሕልናና ከየዕረብናን ተስፋ ከይቈረጽናን: ጽን ኢልና ሰማዕትን ኣስተውዓልትን ብምኻን: ሓቂ እንብሎ ክንቅበልን ክንህብን ክንለምድ ኣሎና። ዘይምፍላጥካ ምፍላጥ'ውን ፍልጠት ስለዝኾነ: ብዘይ ቀላዓለም ዓቕምና ኣንተኣለሊና ጥራሕ ኢና: ዓቕሚ ብጻይና ድማ ከነለሊ እንኽእል። ነዚ ብምርድዳእ ድማ ይንኣስ ይዕበ ፍታሕ ከነምጽእ ንኽእል። ሓበሬታ ፍልጠት ስለዝኾነ ብቕኑዕ ኣገባብ ክንሕብርን: ክንሕበርን ቅሩባት ክንከውን ይግብኣና።

ኤርትራ ሃገርና ውሑድ ህዝቢ ዝቕመጣ: ብባህርያዊ ጸጋን ብጆግራፊካዊ ኣቀማምጣን ዝተዓደለት: ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ ሓንቲ ንእሽቶ ሃገር'ያ። ሓንቲ ኣካል ካብ'ተን ብዙሓት ዓበይትን ንኣሽቱን ሃገራት ዓለም ከምዝኾነት ግና ክርሳዕ የብሉን። ከም'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ሕማቕ ዕድል: ብዓይነት ይፍለ ይኸውን'ምበር ንኻልኦት ሃገራት ዓለም'ውን ብትዛማዲ ኣጋጢሙወን ከምዘሎ ምግንዛብ ከድልየና'ዩ። ቀንዲ ጠንቂ ሃገርካ ዝኾኑ ረቛሒታት ከየለለኻን ከየዛመድካን: ነቲ ንኤርትራ ሃገርናን ንብዙሓት ሃገራት ዓለምን ዘጋጥመን ዘሎ ቀንዲ ጠንቂ: መንቀልን ንጹር ዓላማን ከምዘለዎ ከየለለኻን: ነቲ ኣብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ሳዕቤን እናኣልዓልካ ጥራይ ምኒን ምባል ግን: ኣብ ተስፋ ቍርጸት ዝመርሕ የውህነት ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና: ብፍላይ ተቓዳዲምካ ኣብ'ቲ ቀንዲ ጕዳይ ኤርትራ ጥራይ ካብ ምእታው: ስለምንታይ እዩ ሽግር ኤርትራ ተፈጢሩ? እቶም መሃንድሳትን ዘወርትን ኣሳወርትን ሽግራትከ ብዓልመን'ዮም? ስለምንታይ እዮምከ ከምኡ ዝገብሩ ዘለው? ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ግምት ብምእታው: ነዚ ኣስተምህሮ'ዚ ብኸምዚ ዝስዕብ ከነቕርቦ መሪጽና። ብኸምዚ ኣገባብ ከነቕርቦ ከሎና: ድማ ሸውሃት ኣንባባይ ከምዝዕግብን: ፍልጠት ሂቡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ'ውን ክሕግዝ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ስለዘእቶና ኢና።

## ⋆ ዘ ሎ ና ዮ   መ ድ ረ ኽ ⋆

እዚ ሎሚ ዘሎናዮ መድረኽ: ኮሎንያሊዝም መልክዑ ለዊጡ: ብ"ግሎባሊዝም" ዝብል ወፍሪ: ብዝረቐቐ ስትራተጂካዊን ቍጠባዊን ሚላ ንዓለም ክቈጻጸራ ለይትን ምዓልትን ህርድግ ዝብለሉ ዘሎ'ዩ። እቶም ነዚ ግሎባል-ፕሮጀክት ዝዝውሩዎ ከኣ እቶም ስዉራት ወነንቲ *Big Pharma, Big Oil & Big Biotech* ርእሰማላውያን'ዮም። "ግሎባሊዝም": ንህዝቢ ዓለም "ጽጥታን ሰላምን ዘምጽእ'ዩ: ግን ከኣ ቅድም ግብረ-ሽበራ ክጠፍእ ኣለዎ" ኢሎም ከኣ ኣዊጆም። "ግብረ-ሽበራ" ከም ቀዳማይ ጸላኢ ዓለም ኣምሲሎም ኣዋሕሊሎም ብምቕራብ: ውግእን ወረ-ውግእን: ሰብ ዝሰርሖም ቀዘፍቲ ሕማምትን ኣብ ዓለም ነዚሖም ይርከቡ።

ርግጽ'ዩ እዞም ርእሰማላውያን: እዚ ኩሉ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል ዝብሉዎ ዘለው: ሎሚ ብሃንደበት ዝተፈጥረ መደብ-ዕዮን ስነ-ሓሳብን ኣይኮነን። ድሕሪ ኮሎንያል-መግዛእቲ ዝሓንጸጽዎ እዩ። እስከ ነቶም ኣቐዲሞም ዝሓንጸጽዎምን እሞ ሎሚ ከኣ ዝሰርሑሎም ዘለውን: እስከ ካብቶም ብዙሓት መደባቶም: ነቶም ውሑዳት ረቀቕቲ መደባት ንርኣዮም። ምናልባት ድሕሪኡ ጸላእትናን ፈተውትናን ኣለሊና: ፍታሕ እነምጽኣሉ መንገዲ ንምንዳይ ክሕግዙና ይኽእሉ'ዮም።

★ ድሕሪ ኮሎንያል መግዛእቲ: ርእሰ-ማላውያን: ዘወርቲ ካፒታሊዝምን: <u>ካርተሊዝምን</u>: ንብዙሓት ሃገራት ዓለም ኮነ ኢሎም ሓረጣ እናዓደሉ ምጣኔ-ሃብተን ኣብቲኾም ጽግዕተኛኦም ብምግባር ሓዲሽን ረቂቕን መግዛእቲ ምሂዞም።

★ ዜና ማዕከናት ከም ቀንዲ መሳርያ ተጠቒሞም: ንኣእምሮ ህዝብታት ዓለም: ኣብ ጸረ ረብሓኡ ዝኾነ መኣዝን ንኽምርሕ ይቈጻጸሩዎ ኣለው።

★ ህዝቢ ዓለም ነንሓድሕዱ ኣናተባላልዐ: *(ኦ ዶግ-ኢት-ዶግ)* ዝዓይነቱ ውግእን ቀጠባዊ ቅልውላውን እናኣባርዑ: ንባህርያዊ ጸጋታት ድኹማት ሃገራት ክግብቱ ገልድሕ ይብሉ ኣለው።

★ ዝንባሌ ህዝብታት ብምምዝማዝ: "ድሞክራስያዊ ምርጫ" ብኣፍ እናዘመሩ: ብግብሪ ግና <u>ዓለምለኻዊ ሕጊ-ኣልቦ ፋሽስትነት</u> ብርእዮ ከምዝነግስ ተዋፊሮምሉ ኣለው።

★ ዝሓየለ ጥራይ ብህይወት ክነብር ኣለዎ: *(ዘ ሳርቫይቫል ኦፍ ዘ ፊተስት)* ዝብል ስነሓሳብ ዳርዊንን: ከምኡ'ውን "ወድሰብ ኣብ ዓለም ብኳድራት ሜተር ዝተዓቀነ ናብራ ክነብር ከሎ: ብዝሑ ግና ብማተማቲክስ እናተዓጻጸፈ'ዩ ዝራባሕ። ስለ'ዚ ንመጻኢ ግዜ መታን ምቊጽጻሩ ክጥዕም: ኣብ ርእሲ ባህርያዊ ሞት: ብወዲ-ሰብ ዝተማህዘ ሞት: ቊጽሩ ክጐድል ኣለዎ" <u>ዝብል ብቶማስ ሮበርት ማልቱስ ዝተማህዘ ክልሰ-ሓሳብ (ቲዮሪ):</u> ከም መምርሒ ወሲዶም: መሰል ሓይሊ'ዩ! *(Might is Right)* እናበሉ ንብዙሓት ኣጥፊእካ: ውሑዳት ሰባት ንዓለም ከምዝብሕትዋ ይሰርሑ ኣለው።

★ ሎሚ ዘሎናዮ መዋእል: ወዲ-ሰብ ብፍልጠትን ምርምን ንሕማማት ካብ ገጽ ዓለም ጨሪሱ ንኸትጥፍኦም ዝበቕዓሉ'ዩ። ይኹን'ምበር ብኣንጻሩ ግና ኣብ ላቦራቶሪ ንወድ-ሰብ ዝቐዝፉ ተጻባእቲ-ህይወት ዝኾኑ ህዋሳት (ቫይረስ) ከም ብዓል መንሽሮን: ኤይድስ ኢቦላን: "ስዓል-ጨራሩን": "ስዓል-ሓሳሙን"...ጸረ-ምውላድ ከኒናን ብመደብ ምሂዝካ ወዲ-ሰብ ንኽይፋረ ምምካን። ንመረዳእታ:- ኣብ'ዚ ሓጺር እዋን "ብእስራኤላውያን ተማሂዙ" ዝብሃል ዘሎ: ብፍላይ ንፍሉያት ዓሌት ጥራይ ዘጽንት "ኤትኖ-ቦምብ" ዝብሃል ኣዝዩ ሓደገኛ ቀዛፊ-መርዚ ተዳል'ዩ'ሎ። ቀንዲ ስርሑ ከኣ ንእስራኤላውያን ገዲፉ ንዓሌት ኣዕራብ ጥራይ ዝቐዝፍ ወዘተ... ። ከምኡ'ውን ንጽዓዱ ምሒሩ ንጸለምቲ ጥራይ እናቕዘፈ: ቊጽሪ ህዝቢ ዓለም ዘውሕድ። እቲ ህዝቢ በቲ ዝተነዝሐ ቀዛፊ ሕማማት ቀልጢፉ ኣንተዘይተለኺፉ ከኣ: መኽሰብ ዘምጽእ "ክታበት" (ቫክሲነሽን) ምምሃዝ። ዓላማኡ ድማ ነቲ ሕማም መታን ክለግበካን: ድሕሪ ክታበት ከኣ ደፋእ እናበልካ ከምትቕዘፍ ምግባር'ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ ብኣጽዋር ውግእ ተጠቒሞም ንህዝቢ ዓለም ተሓሊሎምስ: ድምጺ ዘይብሉ *ኣድቫንስድ ፎርም ኦፍ ባዮሎጂካል ዎርፌር*: ምሂዞም ንገርህኛ ህዝቢ ኣጽኒቶም: ማእለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብቲ ምግሓጥ። ብሓጺሩ *(ኪሊንግ ፒፕል ኢዝ ኣ-ቢግ ቢዚነስ)*: ህዝቢ ብምጽናት ዓቢ መኽሰብ ዘለዎ ዕዳጋ ምክያድ። ንሓበረታ ብ*David Icke* ዝተደርሰ (*Human Race get off your Knees* መጽሓፍ: ካብ ገጽ *444* ክሳብ ገጽ ዘሎ *448* ምክትታል ይክኣል'ዩ።

★ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገራት ኣፍሪቃ: "ጥሜትን ዕርቃንን ድንቊርናን ከነጥፍኣልኩም ኢና" ዝብል ሜላ እናተጠቐሙ: ምዕራባውያን-ጸዓዱ ገበርቲ-ሰናይ ተመሲሎም ብረቂቕን ስዉርን ስለላ እናተሰንዩ: ኣብ ከርሲ ገርህኛ ህዝቢ ኣፍሪቃ ከም ቊርዲድ ተላሒጎም መደቦም ደፋእ ኣናበሉ የተግብሩ ኣለው።

★ ኣብ ውሽጢ መንግስታት ኣፍሪቃ: ኣማኸርቲ ፖለቲካን: ቊጠባን ወተሃደራዊ ስልጠናን: ንገብር ኣሎና እናበሉ ምስጢር መራሕትን ህዝብን እንጨወዩ መደቦም የተግብሩ ኣለው።

★ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝግበር ሰውራዊ ምንቅስቓሳት: ረቂቕ ስለላዊ ሰኪዐት ዘርጊሕካ: ንኣብነት ካውንተር-ሪቮሉሽን ዘካይዱ: ደቂ-ዓዲ ዓሲብካ: ነቲ መስርሕ ቃልሲ ከምዝፈሽልን ፋሕ ብትን ከምዝብልን ምግባር። ምናልባት እቲ ሰውራ ብትብዓት ህዝቢ እንተተዓወተ'ውን ኣዳናጒኻ: ነቲ ዓወት ከምዝብርዕንን: ወይ ከኣ ኣብ ረብሓኻ

ከምዝውዕልን ምግባር። ፍሽለት ሰውራ ኣልጀርያን: ሞዛምቢክን ኣንጎላን: ጊኒ- ቢሳውን: ሰውራ ኤርትራን ወዘተ..... ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ'ዮም።

★ ንሓንቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ዘይተኣደነ ሓረጣ እናኣሕረጥካ: እቲ ዝተሓርጠቶ ገንዘብ ከም ዕዳ ተመዝጊቡ ከብቅዕ: ኣብ ማዓላ ከይውዓለ ግና: ብብልሽውናን ብተዘዋዋሪ ረቒቕ ሜላን ኣብ ውሃብ ሓረጣ ተመሊሱ ከምዝቕመጥ ምግባር። ነታ ሃገር ግና ከምተዓድየቶ መዝጊብካ: ኣብ ዕዳን-ዕንዲዳን ከምትጥሕል ገሮም: ተጸባዪት ረዲኤት ኮይና ብድኽነት በተኽ ኮይና ከምትነብር ምግባር። ንፋሺስታውያን መራሕቲ ኣፍሪቃ ክሳብ ዓንቀሮም መሳርያታት ብዕዳ ኣናኣዕጠቑ ከኣ: ነቶም ነዚ ተረዲኦም ተቓውሞ ዘልዓሉ ለብማትን ምሁራት ሓርበኛታትን ደቂ ሃገር ምቕንጻል። ወይድማ በቶም ፋሺስታውያን መራሕቲ ተማእዚዞም ኣስቂጦም ተማሳሲሉን ኣንጻር ጥቕሚ ህዝቦምን ኣናሰርሑ ክሳብ ባህርያዊ ሞት ተማእዚዞ ከምዝነብሩ ገርካ ምቍጽጻር። ካብኡ ሓሊፉ ግና ነቲ ብልሹው ስርዓት ምስዝቃወሙ: ክእሰሩን ክቕንጸሉን ወይከኣ ሃገሮም ገዲፎም ንባዕዲ-ሃገር ከምዝስደዱ *(ብረይን ድረይን)* ምግባር።

★ ኣብ'ታ ሃገር እቲ ህዝቢ ብመጠኑ ሃገራዊን ንቑሑን ኣንተኮይኑ ከኣ: ካብ ከርሱ ዝተወልዱ ኰራኽር ሓሪኻ መልሚልካ: በቲ እትደልዮ ስርዓት ኣብ ወጻኢ ኣሰልጢንካን ዓሊምካንን: ተመሊሶም መፈንቅለ መንግስቲ ገሮም ብልሹውን: ንረብሓ ባዕዳውያን ዓሰብቶም ዝውዕል ስርዓት ከምዝተኽሉ ምግባር።

★ ነቲ ካብ ጥንቲ ብባህሉን ልምዱን ሃይማኖቱን: ተሳንዩን ሓቢሩን ዝነብር ዝነበረ ህዝብታት: ብስምዒቱን ብዝንባሌኡን ተኣታትዮም: "ፈላሊኻ ግዛእ" ዝብል ኣከይ መርዚ ይነዝሕሉ። ንመረዳእታ:- ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ክፍለ-ሃገራት ተበታቲኑ ብክልል ተተትኪኡ። እቲ ብዓድታትን ብወረዳታትን ኣውራጃታትን: ጭዋ ዝኾነ ትሕተ-ቅርጻ ተጠርኒፉ ክነብር ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ: ሎሚ ብዞባን ብቍጽርን በታቲንካ ፈላሊኻ መሃነኑ ይጠፍእ ከምዘሎ ዳርጋ ርዱእ'ዩ።

★ ገንዘብ ካብ ሓጺንን ወረቐትን ተሰሪሑ: ከም መለዋወጢ ንዋት ምኻኑ ተሪፉስ: ኣምልኾ ገንዘብ ካብ ኣምልኾ ኣምላኽ ከምዝዓቢ ብምግባር: ንህዝቢ ብዘይ ገንዘብ ክነብር ከምዘይክእል ኣእምሮኡ ሓጺብካ ግዙእን ኣምላኽን ገንዘብ (ባጤራ) ኮይኑ ከምዝነብር ምግባር።

ካብ'ዚ ሓፈሻዊ መእተዊ'ዚ ቀጺልና'ምብኣር: እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው ነጥብታትከ: ንጕዳይ ኤርትራ ይጸልውዎ ድዮም ወይስ ኣይጸልውዎን'ዮም: ዝብል ሕቶ ብኸም'ዚ ኣብ ታሕቲ ተተንቲኑ ዘሎ ክንምልስ ከንፍትን ኢና።

*ብመሃንድሳት ምዕራባውያን ሃገራት ዝተኣልመ ውዲታዊ ማእለማታት: ኣውራ መንቀሊ ሽግር ኤርትራን ኢትዮጵያን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሃይማኖቱን ብባህሉን: ፍልልይ ዘይብሉ ሓበሻዊ መበቈል ዘለዎ ክነሱ: ብሰንኪ ብመሃንድሳት ምዕራባውያን ሃገራት ዝዝወሩ መራሕቲ ግና: ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ኣብ ነንሓድሕዱ ብውግእ ወለዶኡ ክጸንት ጸኒሑ።*

*ድሕሪ'ዚ ዝሓለፈ ውግኣት ኤርትራን ኢትዮጵያን: ብሽግር ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝረብሑ: ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይኮኑን። ካልኣት ስዉራት ሓይልታት'ዮም። መስኪን ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግና: ክሳብ ሎሚ ረባሕቲ ባህርያዊ ጸጋታት መሬቱን: ባሕሩን ንኽሽውን ኣይተዓደለን። ምዕራባውያን ሃገራት ግና ጨሪሶም ንኽቈጻጸሩዎ ገና ህርድግ ይብሉ ኣለው። ብሰንኮም ድማ ጸገም ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሳብ ሎሚ መዕለቢ ከይረኸበ ዕንክሊል ይብል ኣሎ። ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን መሰረታዊ ፍታሕ ረኺቡ: ህዝብታት ክልቲኤን ሃገራት ድማ ቀሲኖም ክነብሩ ኣንተድኣ ኮይኖም ግና። ለባማት ዜጋታት ክልቲኤን ሃገራት: ቅድሚ ኹሉ ነቶም ኣውራ ኣውራ ዝኾኑ ጠንቅታት ብግቡእ ኣጽኒዖምን: ነቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ብስዉር ዝዝውሩዎምዘለው: ስዉራት ሓይልታት ኣለልዮምን: ኣብ ሓደ ጣውላ ኮፍ ኢሎም ምስዝዛተዩ ጥራይ እዩ'ምበር: ተታኸሶምን ተቓሓሒሮምን ሽግሮም ክፈትሑ ግና ኣይክእሉን'ዮም።*

## ★ ም ስ ክ ር መ ን ነ ት ካ ዓ ድ ኻ'ዩ★

ርግጸኛ ታርኽ ሓደ ህዝብን ሃገርን ክፍለጥ ዝከኣል: ሽማግለታት ተጸዋዕቲ ዓዲ ተወኪስካን ሓቲትካን: ዝሓለፈን ህሉው ኵነታት መነባብሮ ባህልን ኣዛሚድካ: ብመጽናዕቲ ምስ ትመራመርን: ጭቡጥ ሓበሬታ ክርከብ ይክኣል። መጀመርያ መዘክር ዝኾኑ ጠንታውያን ቦታታት ምድህሳስ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። ንመረዳእታ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ሱዳንን የመንን: መበገሲ ህዝብታት ኤርትራ

ዝኾኑ ኣሰራትን: ኣስማት ቦታታትን ኣመጻጽኣምን ተመሳሳልነቶምን ኣዛሚድካን ኣወዳዲርካን: ትርጕሞምን ትሕዝቶኦምን ብግቡእ መጽናዕቲ ኣካይድካ: ርግጸኛን ክውንነት ዘለዎ ሓበሬታ ንምርካብ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግና ባዕዳውያን ሕልፍ ክብሉ ጐፈ-ጐፍ ዝተራኸቡዎም ሓቲቶም ዝጽሓፍዎ: "መእተው ገንዘብ መጻሕፍቲ" ተወኪስካ: ታሪኽ ኤርትራ ከምዚ'ዩ ኢልካ ደፊርካ ምጽሓፍ: ርግጸኛ ታሪኽ ኤርትራ ኣየንጸባርቕን'ዩ።

ስም ሓደ ቦታ ካብቶም መጽናሕቲ መሬት ዝውረስን: ምስቶም ምጻእተኛታት ዝወጽእን ስለዝኾነ: ብደቂቕ ምርምር ኣጽኒዕካ ጥራይ እዩ ክርጋገጽ ዝኽእል። እዚ ማለት ከኣ ዓድታት ኤርትራ ዓቀብቲ ጥንታዊ ባህሎም ስለዝኾኑ: ሓፈሻዊ ኣነባብሮኦምን ያታዊ ባህልታቶምን ወግዒ ወራዙት ኣፈ-ታሪኽ ቀዳሞት-ዓደቦን ከይንዓቕካ: ምስ ዓበይቲ ዓድን ቅዱሳት መራሕቲ ሃይማኖትን ተራኺብካ: እናሓተትካን መርመርካን ደቂቕ መጽናዕቲ ምስተካይድ: እቲ መሰረት ዝኾነ ታሪኽ ክርከብ ይክኣል። መጻኢ ወለዶ ድማ ነቲ ተቐሪቡሉ ዝጸንሐ ምወከሲ-ሰነዳት (ሪፈረንስ) ተወኪሱ ቀጺሉ ንኽመራመር መንገዲ ይኸፍተሉ።

## ★ ንመወከሲ ዝኸውን ኣገዳሲ መንነታዊ ሓጺር ታሪኽ ሓደ ኤርትራዊ ኣቦ★

ታሪኽን መንነትን ካብቶም መጽናሕቲ መሬት ጥንታውያን ዓደቦ ዝውረስ ስለዝኾነ: እዚ ኣብ ታሕቲ ዝግለጽ ኣፈ-ታሪኽ'ዚ: ንዕላል ተባሂሉ ዘይኮነስ: ኣዝዩ ዓሚቝ ትርጕምን መልእኽትን ስለዘለዎ'ዩ።

ኣብ እዋን ኮሎንያል ጣልያን: ኣብ ከባቢ *1889-1903* ዓ.ም. <u>ስኞር ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ዝተባህለ</u>: ገዛኢ ኤርትራ ዝነበረ ወዲ ከተማ ፍሎረንስ ኢጣልያዊ: በስተርጓሚ ተሰኒዩ ዓዲ ዓዲ ኮለል እናበለ: መበቈልን ወለዶን ህዝቢ ኤርትራ ይምዝግብ ከምዝነበረ ታሪኽ ይምስክሮ። ንመረዳእታ ሓደ እዋን ኣብ ከባቢ ድንበዛን ዓዲ-ተከሌዛን ዝተባህለ ዓዲ ከይዱ: ካብቶም ሽዑ እዋን ተጸዋዒ ዓዲ ዝነበሩ ኣቶ ዘገርግሽ ወዲ ጊላ-ገርጊሽ ጸዊዑ: "ካበይ ዝመጽእኩም ህዝቢ ኢኹም"? ኢሉ ብኣስተርጓማይ ምስ ሓተቶም: ከምዚ'ሎም መለስሉ:- "ብመጀመርያ ኣንታ ተርጓማይ: ካብ'ቲ ኣዚ ጣልያን'ዚ ክሓቶ ዝደሊ ዘሎ ሕቶታት ከይመላእካን ከይኣጕደልካን ክትሓተኒ: ካብ'ቲ ኣነ ዝምልሶ መልሲ ከኣ ከይኣጕደልካን ከይመላእክን ክትርጕም ትምሕልዶ? ኢሎም ኣጠንቀቕዎ። እቲ ተርጓማይ ከኣ "እወ እምሕል" ኢሉ ኣረጋገጸሎም። "መሬት'ዶ ትውሓጥካ ብሓሶት ከይትትርጕም"? ኢሎም ከኣ ኣምሓሉዎ። እቲ ተርጓንማይ ከኣ: "እወ መሬት ትውሓጠኒ ብሓሶት ንኸይትርጕም" ኢሉ መሓለሎም።

ካብኡ ኣቶ ዘገርግሽ ንፈርዲናንዶ ማርቲኒ ብድፍረት ከም'ዚ'ሎም መለስሉ:- "ጋሻዶ ንወዲ-ዓዲ ይሓቶ: ንስኻ'ምበር ብሒላብ (ብጃልባ) ባሕሪ ሰጊርካ ኣብ ዓድና ዝመጻእካ ተሓተት"። ሽዑ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ: በቲ ብኣቶ ዘገርግሽ ዝተዋህቦ ተባዕ መልሲ ኣዝዩ ተቈጥዐ'ሞ: ብእግሩ ክነድሖም ፈተነ። ኣቶ ዘገርግሽ ድማ ሰጋእ ከይበሉ: "ደይ ኣድጊ ድኣ'ዩ ብእግሩ ዝናዳሕ" ኢሎም መለስሉ። ብድሕሪኡ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ: በቲ ኾርዓት ዝመልኦ ድፍረት ኣቶ ዘገርጊሽ ኣዝዩ ስለዝትመሰጠ: ከም'ዚ በለ:- "ኣዚ ሰብኣይ'ዚ ኣዝዩ በሊሕ'ዩ። ውላድ ኣንተድኣ ሃልዮሞ ክልተ ኣወዳት ይሃበኒ: ንማህደረ-ትምህርቲ ንሃገር ጣልያን ልኢኸ: ነቲ ሓደ ትምህርቲ ክህነት: ነቲ ሓደ ከኣ ምምሕዳርን ተርጁማንን ከምህሮም" በለ። ኣቶ ዘገርጊሽ ግና: ኣይፋለይን! ደቀይ ንዓዲ ፈረንጂ ተሰዲዶም ባህሎም ከጥፍኡ ኣይፈቅድን" ኢሎም መለስሉ። ካብኡ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ተዓዘብቲ ዓበይቲ ዓዲ: "ሕደግ ኣይፋልካን ዘገርጊሽ: ጽቡቕ ዘረባ'ዩ ኣምጺኡ ዘሎ እዚ ጣልያን: በጃኻ ነዞም ክልተ ደቅኻ ማይፍልጠት መታን ክሰትዩ (ክመሃሩ): ሐራይ ኢልካ ጥራይ መሪቕካ ኣፋኑዎም። ነዚ ረኺብካዮ ዘሎኻ ዕድል ኣይተጥፍኣዮ" ኢሎም ምስ ለመንዎም: ሐራይ በሉ። ካብኡ ነቶም ክልተ ደቆም: ኣቶ ዘማርያምን ኣቶ ክፍለ-ማርያምን ዝብሃሉ: ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ንሃገር ጣልያን ንኽምሃሩ ንኽልእኮም ፈቐዱሉ። ድሕሪኡ እቶም ክልተ ደቂ ኣቶ ዘገርጊሽ: ንሃገር ጣልያን ንማህደረ-ትምህርቲ ተላእኩ። ነቲ ታሪኽ ክንሕጽሮ:- ኣቶ ዘገርጊሽ ሰጋር በቕሎም ተወጢሖም: ንኣዝማዶም ክበጽሑ ክገሹ ከለው: ኣብ መንገዲ ዝፈልጡዎም ሰባት ኣጓኖፉዎም እሞ: "ከመይ ኣሎኻ ዘገርጊሽ" በሉዎም: ንሶም ከኣ "ሕማቕ ኣሎኹ" ኢሎም መለስሎም። "ስለምንታይ" ኢሎም ምስሓተትዎም ከኣ: እቲ ሓደ ወደይ ሞይቱ: እቲ ሓደ ወደይ ከኣ ይጽዓር ኣሎ" ኢሎም መለስሎም። እቶም ሓተቲ ከኣ: " እዋቕ! እንታይ ሕማቕ ስማዕ ኣስማዕካና እንታ ዘገርግሽ! እንታይ ርካቡ ድኣ ተረኺበ!"? ኢሎም ብምግራም ሓተትዎም። "ከምኡ ማለተይ ኣይኮንኩን: እቲ

ሓደ (ኣቶ ክፍለማርያም) ትምህርቲ ክህነት ኮተሊኽ ንኽመሃር ንሃገር ጣልያን ስለዝተላእከ: ባህሉን ሃይማኖቱን ኣጥፊኡ ብወዱ ክኣርግ ስለዝኾነ፣ እቲ ካልኣዩ ከኣ ባህሉ ሓዲጉ ባህሊ እንዳማቱ: ባህሊ ፈረንጂ ክምሃር ምኽኣኑ ተረዲኤ እየ ከምኡ ዝበልኩ“ ኢሎም: ዋዛ ምስ ቊምነገር ሓዊሶም ኣስሓቑዎም። ከም'ቲ ኣቶ ዘገርጊሽ ዝፈርሑዎ ከኣ: እቶም ኣቶ ክፍለማርያም ዝነበረ ስሞም: ኣብ ገዳም ዓዲ ጣልያን ብትምህርቲ ክህነት-ካቶሊኽ ተመሪቖም: “ኣባ ፍራንቸስኮ“ ተባሂሎም ብሓዲሽ ስም ተጠሚቖም ንዓዶም ተመልሱ። ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ከኣ ክሳብ ግዜ ሞቶም: ካህን ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ተከለዛን ኮይኖም የገልግሉ ነበሩ። እቶም ኣቶ ዘማርያም ዝብሃሉ ከኣ: ኣብ ምምሕዳር ኮሎንያል ጣልያን ስራሕ ተዋሂቡዎም: ቋንቋ ትግርኛን ጣልያንኛን እናተርጐሙ: ምስ ብዓልቲ ቤቶምን ደቆምን ኣብ ኣስመራ ይነብሩ ነበሩ።

እዚ መልእኽቲ ኣቶ ዘገርጊሽ ከም ኣብነት ዝጠቐስናዮ መኽንያት: ንኣዝዩ ዓሚቑ መጽናዕትን ምርምርን ዝሕግዝ ኣብነት ኮይኑ ስለዝተረኽበ'ዩ። ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ኣብ ኤርትራ ዓዲ-ዓዲ ኣናኺደ ኮለል ዝብል ዝነበረ: ዓላማን ራእዩን ስለዝነበሮ'ዩ እምበር ስራሕ ስለዝሰኣነ ኣይነበረን። ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ንህዝቢ ኤርትራ መሬቱን ርስቱን ሃብቱን: ብቶኸስን ብሸናትን ጥራይ ክግብቶ ከምዘይክእል: ኣቐዲሙ ብመጽናዕቲ ስለዝበጽሖ: ብረቂቕ ስለላ ኣብ ውሽጢ ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ሰሊኹ: ዓሚቑ መጽናዕትን ምርምርን ከካይድ መዲቡ። ንነብሱ ዘይወደባት-ኤርትራ ምኳኑ ስለዘረጋገጸ: ብሜላን ውዲትን ንደቀባት ኤርትራ ኣጽኒቱ: ነቲ መሬት ደቀባት ንደቂ ጣልያን ንምምሳሕን ንምህጋርን: ተወሳኺ መጽናዕቲ የካይድ ነይሩ። በቲ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ዘዋህለሎን: ካልኦት ሊቃውንቲ ሰለልቲ ዝኣከቡዎ መጽናዕትን ተመሪሖም ድማ: ኮሎንያል ጣልያን ንኤርትራ ተቘጻጺሩ: ቀጺሉ ድማ ንኢትዮጵያ ወረረ። ብከም'ዚ ከኣ ብዘይካ በረኻታት ኢትዮጵያ: ንኹለን ከተማታት ኢትዮጵያ ተቓጻጺሩ ክገዝኣን ጀመረ። ኣብ'ቲ ዘመን'ቲ ምዕራባውያን ኮሎንያል ገዛእቲ: ንሃገራት ኣፍሪቃ ተቓጻጺሮምሉ ዝነበረ ዘመን'ዩ። ፋሺስቲ ኣዶልፍ ሂትለር ኣብ ማእከላይ ኤውሮጳ ክሕይሎም ምስ ጀመረ: ኩሎም ምዕራባውያን ኮሎንያል ገዛእቲ: ብፍላይ ሃገራት ኢውሮጳ:- ዓባይ ብሪጣንያን: ፈረንሳን: በልጁምን: ስፓኛን: ፖርቱጋልን: ሆላንድን ኢጣልያን:*(ብዘይካ ሃገራት ስካንድናቭያንን ሃገር ግሪኽን ምስራቓውያን ሃገራትን)*: ነቲ ንዘልኣለም ክገዝኡዎ መዲቦም ዝነበሩ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ጠንጢኖሞ ንዓዓዶም ክምለሱ ወሰኑ። ጸኒሑ ድማ ፋሺስቲ ኣዶልፍ ሂትለር: ኣብ ኤውሮጳ ኩሉ ሕልምታቱ ምስ ፈሸለ: ኮሎንያል ጣልያን ጠቕሊሉ ካብ ኢትዮጵያን ኤርትራን: ሶማልን ሊብያን ተሰጕጉ ንሃገሩ ተመልሰ። ሕልምታት ኮሎንያል ገዛእቲ ግና በዚ ጠጠው ኣይበለን። እቶም ሽዑ እዋን ብሃጸያውያንን ጽዮናውያንን ዝጽውዑ ዝነበሩ ደለብቲ ሃብቲ መሃንድሳት: ካብ ድልየቶም ክተርፉ ስለዘይደልዩ: ንዮ-ኮሎንያሊዝም ዝብሃል ሓዲሽ መደብ-ዕዮን ፖለቲካዊ ሲስተምን ሓንጸጹ። (ሎሚ ከኣ ንዮ-ሊበራሊዝም ወይ ድማ ግሎባሊዝም) ብኻልእ ኣገላልጻ ብቀጥታዊ ወራር-ሾናት ዘይኮነስ: ብረቂቕ ስለላዊ መስርሕ ተጠቒሞም: ኣእምሮ ኣፍሪቃውያን ንኽቋጻጸሩ ዝተፋላለዩ ውዲታት መደቡ። ንሱ ድማ ንመራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ዋህዮታት ወዲብካ: ኣጽዋር ውግእ ብሓረጣ እንዓደልካ: ብቊጠባዊ ወፍሪ *(ኤኮኖሚክ ሓንድ ሳይለንት ዎር)* ተጠቒሞም ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንሃገራት ኣፍሪቃ ክገዝኡወን ጀመሩ።

## ⋆ ኤ ር ትራ ን ኢ ት ዮ ጵ ያ ን ⋆

እስከ ነዚ ኣብ ላዕል ዝተገልጸ ሓጺር መግለጺ: ንኤርትራን ኢትዮጵያን ብኸመይ ከምዝጸለወን ንከታተል።

ኤርትራን ኢትዮጵያን ብጆግራፊካዊ ኣቀማምጣኤን: ባህርያዊ ሃብተንን ብርእሰማላውያን ሃገራት ስለዝተባህገ: ህዝበን ገና ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ግዳይ ውግእን ቅልውላውን ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ይሳቐ ከምዘሎ ኣቐዲሙ ተገሊጹ'ዩ።

ብሕልፊ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መድረኽ: ብዙሓት ሃገራውያን ኤርትራውያን ይኹኑ ኢትዮጵያውያን ከምዚ'ሎም ክሓቱ ይስምዑ:-

1ይ) ጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ስለምንታይ ፍታሕ ከይተረኽበሉ ክሳብ ሎሚ ኮለል ይብል ኣሎ?

2ይ) እዚ ክልተ ኣሕዋት ዝኾነ ህዝቢ'ዚ: ምስ ብዙሓት ፈላጣትን ሊቃውንትን ዜጋታቱ ከሎ: ጕዳዩ ብዘተን ብሰላማዊ መንገድን ንኽይፈትሕ ዓጊቱዎ ዘሎ ኣካልሲ መንዩ?

2ይ) ስለምንታይ ለባማትን ምሁራት ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን: ኣብ ሓደ ማእከላይ ሃገር ኣብ ሓደ ጣውላ ተዛትዮም: ጉዳዮም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሕዎ ዘይፍትኑ?

ገለ-ገለ ተኻታተልቲ ፖለቲካዊን ታሪኻውን ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ኣብ ግምት ዘእተው ሰባት: ነዞን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ሕቶትታት ብኸም'ዚ መልሲ ይህቡለን:-

ርግጽ'ዩ ታሪኽ ኮሎንያል ባዕዳውያን ሃገራት: ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ኤርትራን: ብረቂቕ መጽናዕትን ምርምርን ገርካ እንተድኣ ተኻታቲልካዮ: እዚ ሎሚ ዝኸይድ ዘሎ ሽግር ኢትዮጵያን ኤርትራን ዱብ ኢሉ ሎሚ ዝመጸ ተርእዮ ኣይኮነን። ካብ ነዊሕ እዋን ንሓደ ዓላማ ንምውቃዕ: ብረቂቕ <u>ስለላን ኲለላን</u> ዝተሰነየ መጽናዕቲ ዝተገብረሉ ወፍሪ'ዩ። ክሳብ ሎሚ ሕቡእ ሜላታት እናቐያየሩ ገና ዘተግብሩዎ ዘለው መስርሕ ከኣ'ዩ። እዚ እከይ መደብ'ዚ ግና: ብፍላይ ንኢትዮጵያን ንኤርትራን ጥራይ ኣይኮነን። ብመሰረቱ እቲ ጉዳይ ሕቶ ቍጠባን ጅኦፖለቲካዊን ስትራተጅን'ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ: ብፍላይ ነተን ስቡሕ ባህርያዊ ሃብተንን: ብሉጽ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣን ዘለወን ሃገራት ተቛጻጺርካ: ባህርያዊ ጸጋኤን ንምግባትን ምዝማትን'ዩ። ስለ'ዚ ጉዳይ ለባማት ዜጋታት ኤርትራን ዜጋታት ኢትዮጵያውያን: ንረብሓ ህዝቦም ክብሉ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው: መጽናዕቲ ገሮም ብመጕትን ብዘተን ብዘይቀላዓለም ብሓባር ተራኺቦም: ክዛተዩ ክበቕዑ መድረኽ ይጠልቦም ኣሎ።

ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጸገማተን ምስቲ ጸገማት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝዛመድ ሃገራት: ገና ድማ ህዝበን ምስ ባህርያዊ ጸግኡን: ብሉጽ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩን ክነሱ: ልዑላውነቱ ተደፊሩ: ግዳይ ውግእን ቅልውላውን ኮይኑ ዝሳቐ ዘሎ ምጥቃስ: ነቲ መጽንዕቲ ሃገርና ክትርሮ ይኽእል'ዩ።

ነቲ ሎሚ ነቕርቦ ዘሎና ቴማ ብዕምቈት መታን ክንርድኦ: ነዞን ምስ ጉዳይ ኤርትራን ኢትይጵያን ዝዛመድ ሽግረን ሃገራት: ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክንጠቅስ ኢና'ሞ ጽቡቕ ምክትታል።

1 ፓለስቲና

2 ኢራቕ

3 ኢራን

4 ኣፍጋኒስታን

5 ቀርኒ ኣፍሪቃ (ኤርትራን ሶማልን ኢትዮጵያን

## ⋆ ፓ ለ ስ ቲ ና ⋆

ሽግር ፓለስቲና ካብ *1948* ዓ.ም. ዝተጀመረ'ዩ። ብ*1948* ዓ.ም. ካብ ምሉእ ኤውሮጳ ዝተኣኻኸቡ ጽዮናውያን: ንህዝቢ ፓለስቲና ካብ ሃገሮም ሰጕጎም ብዓመጽ እስራኤል እትብሃል ሃገር መስሪቶም። እንሆ ከኣ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፓለስቲና ዅናት ካብ ተባርዕ *62* ዓመታት ኮይኑ። <u>ገና ድማ ህዝቢ ፓለስቲና ሰማዒ'ምበር ረዳኢ ዘይብሉ ክሳብ ሎሚ ብባሩድ ኢስራኤል ይሳቐ ኣሎ</u>። እቲ ቀንዲ ራእዩን ዓላማን ወራር ጽዮናውያን ድማ: ህዝቢ እስራኤል ሃገር ስለዝሰኣነ ዘይኮነስ: ድሕሪ 2ይ ውግእ ዓለም: ኣብ ከባቢ ማእከላይ ምብራቕ: ዘሎ ማኣለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብቲ (በልዚንን ጋዝን) ንምቍጽጻር: 3ይ ውግእ ዓለም ንምልዓል ተባሂሉ ስለዝተሓንጸጸ'ዩ። ክሳብ ሎሚ ከኣ ብመንግስቲ እስራኤል: ገና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፓለስቲና ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት: ብሑቡራት መንግስታት ሃገራት ዓለም ፍታሕ ከይረኸበ: መልክዑ ኣናቀያየረ ይቕጽል ኣሎ። ብሓጺሩ እቲ ንጹር ዓላማ: ዅናት ማእከላይ ምምብራቕ ባህርያዊ ሃብቲ ሃገራት ኣዕራብ ንምውናን'ዩ።

## ★ ኢ ራ ን ★

ኣብ ወርሒ ንሃሰ *1953* ዓ.ም. ነቲ ብህዝቢ ዝተመርጸ መሓመድ ሞሳደቅ ዝተባህለ: ንኡድ ዲሞክራስያዊ መራሒ ኢራን: "ባህርያዊ ጸጋ ሃገር ኢራን ንህዝቢ ኢራን": ዝብል ራእዩ ስለዝነበሮ: ስለላ መርበብ ኣሜሪካ ሲ.ኣይ.ኤ.ን: ስለላ መርበብ ኣንግሊዝ ኤምኢ-5ን ተላፊኖም: *ብ"ኣያክስ ኦፐረሽን"* ዝተባህለ ጕጅለ ቅንጸላ ቀንጺሎሞ። ብ*1956* ከኣ ብኹርኩር ሃጸይነት ሻህ ሞሓመድ ራዛ ፓላቭ ተኪኦሞ። ንጉስ ሻህ ከኣ ነቲ ተባሃጊ ሃብቲ ጋዝን በልዚንን ኢራቕ: ምዕራባውያን ከምድላዮም ክቐድሑዎ ፈቐደሎም። ህዝቢ ኢራን ግና ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወስደ ስጒምቲ ስለዘይተዋሕጠሉ: ብ*1978* ዓ.ም. ተቓውሞኡን ቍጣዐኡን ገንፊሉ ተላዕለ። ንሻህ ሞሓመድ ራዛ ፓላቭ ከኣ ካብ ስልጣኑ ኣሰናበቶ። ብድሕሪ ሻህ ከኣ ኣያቶላ ኩመይኒ ተተኪአ። ካብኡ ህዝቢ ኢራን ነጻ ኮይና ባህርያዊ ሃብታ ተቛጻጺራ ክትምዕብል ምስ ጀመረት: ብሰንኪ ምዕራባውያን ውግእ ካብ *1980* ዓ.ም. ክሳብ *1998* ዓ.ም. ንኣስታት *8* ዓመታት ዝኣክል: ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ኣምነት ዘለወን: ክልተ ጐረባብቲ ሃገራት ኢራቕን ኢራንን ኵናት ኣባሪያም። ሓይሊ ክልቲኤን ጐረባብቲ ሃገራት ከኣ: ብምዕራባውያን ዝኸስብሉ ኣዕናዊ ውግእ ከምዝዳኸም ተገብረ። እቲ ክርሳዕ ዘይብሉ ከኣ: እቲ ኣብ መንጎ ኢራቕን ኢራንን ን*8* ዓመታት ዝኣክል ዝወሰደ ከቢድ ሕድሕዳዊ ኵናት: ሓደ ሚልዮን ህዝቢ መንቀሱ: ምእሊያ ዘይብሉ ትሕተ-ቅርጻን ቍጠባዊ ትካላትን ክልቲኤን ሃገራት ከኣ ኣብረሰ። "ገርብ ብሓኽላ" ከም ዝብሃል: እቶም ኣብ'ቲ ካብ *1980* ዓ.ም. ክሳብ *1998* ዓ.ም. ኣብ መንጎ ኢራቕን ኢራንን ዝተባርዐ ኵናት: ቀንዲ ተሓባበርቲ ዝነበሩ መንግስታት: ንጉሳዊ በተሰብ ስዑዲ ዓረብን: ዲክታቶር ግብጺ ሑሳኒ ሞባራክን: መራሒ ጆርዳንን: ንጉሳዊ በተሰብ ሃገር ኮየትን'ዮም። ኣብ'ዚ ኵናት'ዚ ድማ ስለላ መርበብ እስራኤል ብዓቢኡ ዓቢ እጃም ተጻዊቱ'ዩ።

ብድሕሪ ኵናት ምስ ኢራቕ ድማ ኢራን እግሪ ክትተክልን ክትምዕብልን ምስጀመረት: ብስለላ መርበብ እስራኤል ዝተበገሰ መጽናዕቲ: ምዕራባውያን ኮነ ኢሎም ካብ ዓለም ንኽንጽሉዋ: "ኢራን ኣቶም ቦምብ ትሰርሕ ስለዘላ ህዝቢ ዓለም ዓገብ በል" ኣናበሉ: ሰፊሕ ዲፋንየሽን ብማዕከና ዜና ምዕራባውያን ክሳብ ሎሚ ይኽይድ ኣሎ። እቲ ቀንዲ መኽንያት ግና: ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ ኮይኑ: እስራኤልን እተን ሓያላት መንግስታትን: ኣቶምን-ኒኵለር-ቦምን ወኒነን: ከምድላየን ኣብ ዓለም ጐብለል ኮይነን ክዕንድራ ከለዋ: ነታ ብባህርያዊ ጸጋ ዝተዓደለት ሃገር ኢራቕ ግና ተዛራርዮም ክውንጅሉዋ ይርኣዩ ኣለው። እቲ ቀንዲ ዓላማኦም ከኣ ንመንግስቲ ኢራን ኣዳኺምካ: ነብሳ ክኢላን ባህርያዊ ሃብታ ተቓጻጺራን ሓሊያን ንኸይትነብር: ሃብታ ገቢትካ: እስራኤል ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዋርድያ ሃገራት ኣዕረብ ንምግባር'ዩ።

## ★ ኢ ራ ቕ ★

ኣብ ብወርሒ *8* የካቲት *1963* ዓ.ም. ነቲ ንህዝቡን ንሃገሩን ዝሓስብ ዓብዱል ከሪም ቃሲም ዝተባህለ: ዲሞክራስያዊ መራሒ ኢራቕ: "ባህርያዊ ጸጋ ሃገር ኢራቕ ንህዝቢ ኢራቕ": ዝብል ራእዩ ስለዝነበሮ: ብስለላ መርበብ ኣሜሪካ ሲ.ኣይ.ኤ.ን ስለላ መርበብ ኣንግሊዝ ምኢ.5ን ዝተወጠነ መደብ ካብ ስልጣኑ ብዓመጽ ገልበጥዎ። በቲ ብስለላ መርበብ ኣሜሪካን ኣንግሊዝን ተመልሚሉ: ኣብ ስደት ሓቢኦሞ ዘጽንሑዎ ሳዳም ሑሴን ከኣ ተክእዎ። ህዝቢ ኢራቕ ሃገሩ ተባሃጊ ባህርያዊ ጸጋ ዘለዎ'ዩ። ካብ ዓለም ድማ ሃገር ኢራቕ ብጋዝን በልዚንን 5ይቲ ተርታ እያ። ስለዚ ብዲሞክራሲ ተማሕዲራ: ህዝባ ተጠቃሚ ሃብቱን ጸግኡን መታን ከይከውን: እቶም ንሃብቱን ጸግኡን ዝብህጉ ኒዮኮንን ዴሞኮንን ብግሁድ ወራር ክሳቕዩዎ ይርኣዩ ኣለው። ብሓጺሩ ህዝቢ ኢራቕ ግዳይ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩን: ሃብቱን ጸግኡን ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ከይቀሰነ ይነብር ኣሎ።

## ★ ኣ ፍ ጋ ኒ ስ ታ ን ★

ሩስያውያን ካብ ንግስነት ንጉስ ፐተር ጻር ጀሚሮም ንኣፍጋኒስታን ምስ ብሃጕያ'ዮም። ወሪሮም ንኽቈጻጸሩዋ ግና ኣይበቐዑን። ካብ *1839* ዓ.ም. ክሳብ *1842* ዓ.ም. ድማ ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያን ህንድን ወሪሮም ክሕዝዋ ምስፈተኑ ፈሺሉ። ብ*11* ብሕዳር *1942* ዓ.ም. ከኣ ሰራዊት ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያን ካብ ከተማ ካቡል ፈጺሙ ተቐንጢጡ ወጸ። ብኽም'ዚ ከኣ ኮሎንያል ኣንግሊዝ ከም'ቲ ንህንድን ፓኪስታን ወሪሩ ዝገዝኤን: ንህዝቢ ኣፍጋኒስታን ግና ኣይተዓወተሉን። ጣዕሳ ገዲፍሉ

ስለዝነበረ ከኣ ሎሚ ንህዝቢ ኣፍጋኒስታን ኣላሽ ንከብል ምስ ኣሜሪካ ተላፊኑ'ሎ። ኣፍጋኒስታን ካብ *1946* ዓ.ም. ጀሚራ ብንጉስ እናተመሓደረት ኣባል ሕቡራት ሃገራት ዓለም ኮይና ክትመሓደር ድሕሪ ምጽናሕ: ሕልሚ ንግስነት ንጉስ ፐተር ጻር ንምትግባር: ብኮሚንስት ፓርቲ ሶቭየት ሕብረት ዝተሓገዘ ሓዲሽ መንግስቲ ብ*1978* ኣብ ኣፍጋኒስታን ተተኸለ። ሶራዊት ሶቬት ሕብረት ከኣ ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒሙ መሪሹ ንኣፍጋኒስታን ወረረ። ከቢድ ኵናት ምስ ህዝቢ ኣፍጋኒስታን ከኣ ኣካይደ። "ኣልቃሂዳ" ዝተባህለ ንመሬትን ህዝብን ኣፍጋኒስታን ነጻ ኣውጻኢ ውድብ: ንመግዛእቲ ሶቪየት-ሕብረት ንምክልኻል: ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ውግእ ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ረኸበ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ዘይሕለል መኸተ ኣካይዱ: ሓይሊ ሶቪየ-ሕብረት ተሳዒሩ ካብ ኣፍጋኒስታን ተጸሪጉ ተሰናበተ። "ኣልቃሂዳ" ድማ ሃገሩን ህዝቡን ነጻ ኣውጺኡ ዝዓነወት ሃገሩ ክሃንጽ ጀመረ። ብድሕሪ ምውጻእ ሰራዊት ሶቬት ሕብረት ካብ ኣፍጋኒስታን ከኣ: ዝሑል ኵናት ኣብ መንጎ ሶቬት ሕብረት ኣሜሪካን ምስ ኣብቅዐ: ሓዲሽ መድረኽ ተኸፍተ። እቲ ኣቐዲሙ "መሓዛ" ኣሜሪካ ዝነበረን: ኣብ ምውዳቕ ወራር ሶቬት-ሕብረት ኣብ ኣፍጋኒስታን ዓቢ ተራ ዝነበሮን ሰውራ "ኣልቃሂዳ": ከም ቀዳማይ ጸላኢ ተሰሪዑ ንኽውቃዕ: ብመጽናዕቲ ስለላ መርበብ ኣሜሪካ ዘተኣማምን መኽንያት ሃሰው ተባህለ። ብውዲት ስለላ መርበብ ኣሜሪካን እስራኤልን ከምኡ'ውን ምዕራባውያን ሃገራት ኢውሮጳን ከኣ: "ንኮሚንስት ካብ ስዓረ ንምዕራባውያን'ውን ኣስጋኢ ክኸውን'ዩ: ካብ ዝብል መጽናዕቲ: "ሰውራ ምስልምና መተካእታ ንኮሚንስት ኮይኑ: ንክርስትያን ምዕራባውያን ንኽዋጋእ ብመሪሕነት ኦዛማ ቢንላደን ኣብ ኣፍጋኒስታን ዓሪዱ'ሎ": ዝብል ፕሮፓጋንዳ ብማዕከን ዜናታት ኣብ ምሉእ ዓለም ተነዝሐ። ማህረምቲ ዎርልድ ሰንተር ድማ ከም መንቀሊ ፕሮጀክት ተመደበ። ብ*2001* ዓ.ም. *11* መስከረም ኣብ ዎርልድ ሰንተር ውዲታዊ ፕሮጀክት ተፈጸመ። "እዚ ሃንደበታዊ ሓደጋ'ዚ: በቲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዓሪዱ ዘሎ: ብኦሳማ ቢንላደን ዝምራሕ ኣልካቃሂዳ'ዩ ተፈጺሙ"። ተባሂሉ ድማ ኵናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣፍጋኒስታን ብፕረሲደንት ሕቡራት ኣሜሪካ ሽዑ ግዜ ንኡስ ቡሽ ተኣወጀ። ብዙሓት ደረስትን ተኻታተልቲ ፖለቲካ ዝምስክሩዎ ግና: <u>ኦዛማ ቢንላደን</u> ብመሰረቱ ካብ *1979* ዓ.ም. ጀሚሩ: ብውዲት ሲ.ኣይ.ኤ.ን ብገንዘብ ንጉሳዊ በተሰብ ስዑዲ ዓረብ ተመልሚሉ: መተካእታ ኮሚንስት ኣስላማዊ ሪቮሉሽን ንኸካይድ ኮነ ኢሎም: ብመደብ ብተሓባባርነት ስለላ መርበብ ፓኪስታን ዝሓንጸጽዎ'ዩ" ይብሉ። ብሕልፊ ኣብ'ቲ መጀመርያ እዋን: እቲ ስዑዳዊ ዜግነት ዘለዎ <u>ኦዛማ ቢንላደን</u>: ንፕሮጀክት ሲ.ኣይ.ኤ. ብምድጋፍ: ብስለላ መርበብ ፓኪስታን'ዩ ተመልሚሉ ነቲ <u>ፕሮጀክት ሰውራ ሞጃሃዲን</u> መሪሑ ንሶቭየት ሕብረት ንኽብድህ ተዓስበ። መንቀሳቐሲ ባጀት ን<u>ፕሮጀክት ሰውራ ሞጃሃዲን ከኣ</u>: ስለላ መርበ ኣሜሪካ ካብ ካሳ ስዑድያ ሓፊሶም: ብቢ.ሲ.ሲ. ባንክ ዝተባህለ: ኣብ ኢስላማባድ (ፓኪስታን) ዝርከብ ጨንፈር-ባንክ: 2 ቢሊዮን ዶላር ባጀት ከምዝተሓላለፈሎም ገበረት። *(The secret History of American Empire By John Perkins pp.70)* ሓይሎ ተመራመርቲ ብዛዕባ ወራር ኣፍጋኒስታን ክምስክሩ ከለው: "እቲ ቀንዲ ዓላማን ራእዩን ወራር ኣፍጋኒስታን: ምስልምና ወይ ከኣ ሓደጋ ወርልድ-ሰንተር ኣይኮነን። ፕሮክሲ-ዎር ኣካይድካ: ማእለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ሃብቲ ጋዝን በንዚንን መሬት ኣፍጋኒስታን ምግባትን ምቍጽጻርን ጥራይ እዩ" ይብሉ። *(The secret History of American Empire pp.213)* ከምኡ'ውን
(*A Game as old as Empire pp.26 By Stevev Hiat)* ተኸታተሉ።

## ⋆ መ ተ ሓ ሳ ሰ ቢ ⋆

"እዚ ኩሉ ትንተና ብዛዕባ ካልኦት ሃገራት እንታይ ክዓብስ'ዩ: ብዛዕባ ኤሪትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይግለጽ" ዝብሉ: ተኻታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኣይስኣኑን'ዮም። ንሕና ግና ፖለቲካዊ ጒዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብግቡእ ንምርዳእ: ተማሳሳሊ ጸገምን ስትራተጂካዊ ሕቶን ካልኦት ሃገራት ኣዛሚድና እንተኣቕረብና: ንጒዳይ ኤሪትራን ኢትዮጵያን ንምርዳእ ኣዝዩ ክሕግዝ ይኻል'ዩ ኢልና ስለዝኣመና ነቕርቦ ኣሎናሞ: ሰናይ ንባብ።

## ⋆ ኤ ሪ ት ራ ን ኢ ት ዮ ጵ ያ ን ⋆

ቅድሚ ኮሎንያል ጣልያን: እትዮጵያ ፍሉጥ ዶባት ሓንጺጻ: ንኹለን ክፍለ-ሃገራት ዝሓቍፍ ማኩል መንግስቲ ኣይመስረተትን። ብወገን ሽዋ ብመሳፍንቲ ሽዋ: ብወገን ቤገምድር ብመሳፍንቲ ጎንደር: ብወገን ትግራይ ድማ ብመሳፍንቲ ትግራይ ኣናተገዛኤት ክትነብር ከላ: ኤርትራ ግና ብበሓርነጋስታት ትማሕደርያ ዝነበረት። ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ: ኣብ መንጎ ብሔር ኦሮሞን: ብሔር ኣምሓራን ብዙሕ ውግኣት ነይሩ'ዩ። ኣብ'ዚ ውግኣት ግና ኤርትራውያን ኩሉ ግዜ

ንመሳፍንቲ ሽዋን ትግራይን በገምድርን ይሕግዙዎም ነይሮም'ዮም። ታሪኽ ኢትዮጵያ ብሓጺሩ ከም'ዚ ኮይኑ ግና: ኣብ እዋን ሃጸይ ቴድሮስ (ሓደ ነዲኡ) ካብ *1855* ክሳብ *1861* ዓ.ም: ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ባዕዳውያን ወረርቲ ሓራ ኮይኑ'ዩ ዝነብር ነይሩ። ኣብ *18* ክፍለ-ዘመን ግና: ኮለንያል ዓባይ ብሪጣንያ ንኢትዮጵያ ኣዝያ ትብህጋ ስለዝነበረት: በቲ ኣብ ከረን ዝነብር ዝነበረ: ሙሲንገር ዝተባህለ ሰላዩ ወዲ ስዊዘርላንድ ተመኺሮም: ብምስዮናውያን ዝፍለጡ ሰለልቲ እንግሊዛውያን: ንንጉስ ቴድሮስ ልኣኽሉ። ንጉስ ቴድሮስ ከኣ ተቐቢሎም ኣሰሩዎም። ሽዑ ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ: ኣሲርካዮም ዘሎኻ ዜጋታትና እንተዘይፈታሕካዮም: ባዕልና መጺኣና ከነውጻኦም ኢና“ ኢሎም ኣፈራርሑዎም። ካብኡ ንጉስ ቴድሮስ ነቶም ሰለይቲ ስለዘይፈትሖም ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያ: በቲ ሰላዩ ሙሲንገር ዘሓበሮም ስትራተጂ ተመሪሖም: ኣባቕሎምን ኣፍራሶምን ሓራምዞምን ኣምሪሖም: ክሳብ ትግራይ በጽሑ። መሳፍንቲ ትግራይ ድማ መሳርያን ገንዘብን ካብ ሰበስልጣን እንግሊዝ ስለዝተቐበሉ: ሓይሊ ትግራይ ከይተንከፎም: እኳድኣ ብዘይዕንቅፋት ጸላእቲ ንመቕደ ክኣትው ክኣሉ። መቕደላ ምስ ኣተው ድማ ንንጉስ ቴድሮስ ኢድካ ሃብ ኢሎም ኣዘዝዎም። ንጉስ ተኢድሮስ ግና: “ኣብ ሃገረይ ብኣኹም ካብ ዝማረኽ ብሽጕጠይ ክመውት ይሕሸኒ“ ኢሎም ሽጕጦም ሰትዮም ብኽርዓት ተሰውኡ። ብኽም'ዚ ከኣ ስለላ መርበ ዓባይ ብሪጣንያ (ሎሚ ምኢ.-5) ብትግራይ ኣቢሉ: ኣብ ኢትዮጵያ ተኣታተወ።*(ሃለቃ ፍስሃጊዮርጊስ-ታሪኽ ኢትዮጵያ: ካብ ገጽ 69 ጀሚርኩም ተኻታተሉ)*

ኢጣልያ ክሳብ 18 ክፍለ-ዘመን ማእከላይ መንግስቲን ዶባትን ኣይነበራን። ድሕሪ ከም ሃገር ምቛማ ግና: ብሓገዝ ዓባይ ብሪጣንያ ንኤርትራ ደፋኢ ኣናበለ ብ*1989* ዓ.ም. ወረረ። ክሳብ *1941* ዓ.ም. ድማ ኣጓብዞ ኤርታደቃ መዝሓል ጥይት ኣናገበረ: ብቅድመ-ግንባር እናኣሰለፎም: ሳላ ውፉያት ኤርትራውያን ዓስ'ኻር: ንኢትዮጵያን ሶማልን ሊብያን ብውሑድ ዓመታት ክቈጻጸረን በቒዐ። ንዝቃወምዎ ጀጋኑ ኤርትራውያን: ብዓል ግራዝምች: ደገዛምቲ: ባሻይ ባላምበራስ ወዘተ…ድማ: ኣብ ናኾራ ዳጕኑ መንቀሶም። ብኽምዚ ከኣ ብዓሌታዊ መግዛእቲ ንኤርትራ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ክገዝኣ ከኣለ። ካብ 1935 ክሳብ *1941* ከኣ ካብ *350.000* ክሳብ *760.000* ኢትዮጵያውያን ብመርዛም ጋዝን ነፈርትን ኣጽኒቱ: ንኣዲስ ኣበባ ክቈጻጸር ከኣለ። ሓርበኛታት ኢትዮጵያውያን ካብ*1935* ዓ.ም. ክሳብ *1941*: ን*5* ዓመታት ዝኣክል: ኣብ በረኻታትን ጐቦታትን ኢትዮጵያ ሰፊሮም: ኣንጻር ኮሎንያል ጣልያን ተቓሊሶም'ዮም። እቲ ቀደም “ራስ ተፈሪ“ ተባሂሉ ኣብ ትሕቲ ንግስቲ ጽሃይቱ: ብዓልቲ ቤቱ ንንጉስ መነሊክ 2ይ መጕዚት ኮይኑ: ወራስ ዓራት ንኽሽውን ቊልጭ ክብል ድሕሪ ምጽናሕ: ካብ ኮሎንያል ጣልያን ሃዲሙ: ንስደት ሃገር ኣንግሊዝ ተሰደ። ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ግና: ንኮሎንያል ጣልያን ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኮይኖም ይምክትዎ ነበሩ። “ራስ ተፈሪ“ ግና ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ተሰዲዱ ይነብር ነበረ። ኮሎንያል ጣልያን ካብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ብሕቡራት መንግስታት: ብፍላይ ከኣ ብዓባይ ብሪጣንያ ምስ ተሳዕረ: ሃይለስላሴ ተባሂሉ ንኢትዮጵያ ተመልሰ። ብሓገዝ መንግስቲ ኣንግሊዝ ከኣ ንጉስ ኢትዮጵያ ኮይኑ ዘውዲ ደፈአ። ብሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ መብጽዓ ስለዝኣተወ ግና: ነቶም ንሱ ኣብ ስደት እንከሎ ኣብ ሃገሮም ኮይኖም ን*5* ዓመታት ዝኣክል ብትብዓት ንኮሎንያል ጣልያን ክምክቱዎ ዝጸንሑ: ከም ብዓል ጅግና በላይ ዘለቀ ወዲ ጐጃምን: ብዙሓት ሓርበኛታት ኣምሓሩን ኦሮሞን: ስልጣን ተነፊጉዎም ጥራይ ዘይኮነስ ተቐንጺሎምን ተኣሲሮምን'ዮም። ብከም'ዚ ድማ ጀጋኑ ራእስታትን ቀኛዝማችን ግራዝማችን ደቀባት ኢትዮጵያውያን ፈንፊኑ: ደብተራታትን <u>ነቓዝ ዝኾኑ መሳፍንትን</u> መሪጹ ድሑር መስፍናዊ-መንግስቲ ኣቜመ።

**★ ኣ ስ ተ ብ ህ ል ★**

*ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ንጀጋኑን ምሁራትን ደቀ-ባት ኤርትራ ፍርቆም ኣብ ሓለዋ ሰውራ ኣብሊዩዎም። ፍርቆም ከኣ ኣብ ሳሕል ሓዲጉዎም ኣትዩ። ካብ ስደት ዝኣኻኸቦም ኣብ ሰውራ ብራሾ ማይ ዘየቕበሉ: ከም ብዓል የማነ ገ/መስቀል (ቻርሊ) ካብ ሃገር ኣንግሊዝ: ከም ብዓል ሓጎስ ገብረሂወት (ክሻ) ካብ ኣሜሪካ። ከም ብዓል የማነ ገብረኣብ (ማንኪ) ካብ ኣሜሪካ: ትግራዎት ንቃለስ ኔርና ዝብሉ ትግራዎትን ሓዋዊሱ መንግስቲ ህግደፍ ከምዘቜመ'ውን ከነስተብህለሉ ኣሎና።*

ብድሕሪ'ዚ ንጉስ ሃይለስላሴ ክሳብ ዝኣርግ ከኣ ኣሜሪካዊ ጆን ስፐንሰር ዝመዓዶ ተጠቒሙ ንኢትዮጵያ ንኽይትምዕብል ዓገታ። ሃይለስላሴ ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብዲሞክራስያን ብፍትሒን እናመርሐ ዘማዕብሎ: ዋርድያ እንግሊዝን ኣሜሪካ ኮይኑ: ብሓፈሻ ብቀይሕ ባሕሪ ብፍላይ ድማ ብወደባት ዓሰብን ባጽዕን ክሽቅጥ ኣሪጉ። ብኽም'ዚ ከኣ ንጉስ ሃይለ-ስላሴ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሉን: ብድሑር መስፍናዊ ምግዛእቲ ኣደንቍሩን: ኣንጻር ኣካሉ ዝኾነ ህዝቢ

ኤርትራ ኣሰሊፉ: ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩ ኮይኑ ንኽሳቐ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ'ዩ። *(ሃለቃ ፍስሃጊዮርጊስ- ታሪኽ ኢትዮጵያ: ኣጼ ምኒልክና የኢትዮጵያ ኣንድነት: ብተክለጻድቕ መኩርያ)*

ንጉስ ሃይለስላሴ ንፈደረሽን ኤርትራ ከይተንከፎ: ጉዳይ ኤርትራ ብፍትሓዊን ሰላማዊን ኣገባብ እንተድኣ ፈቲሑዎ: መስፍናዊ ስልጣኑ ከምዘይህሉ: ኣቐዲሞም ሰበ ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ: ቀጺሎም ከኣ ስለላ መርበብ ኣሜሪካ ምዒዶሞ'ዮም። ንርሑቕ ዝጥምት ራእዪ ስለዘይተዓደለ ድማ: ኣብ ክንዲ ጠለብ ህዝቡ ዝሰምዕ ትእዛዝ ባዕዳውያን ክፍጽም መሪጹ። ስ'ለዚ ከምቲ ህዝቢ ስዊድንን ኖርወይን ዶባዊ ግርጭቶም: ብዘይ ደም ምፍሳስ ብ1903 ዓ.ም. ዝፈትሑዎ: ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና ካብ ድሑር መስፍናዊን (ፊውዳላዊን) መግዛእቲ ሓራ ኮይኑ: ብፍትሕን ብዲሞክራስያን እናተመሓደረ ከይነብር: እቲ <u>ምትላልን ጥልመትን</u> ዝኣመሉ <u>ነቓዝ-ሃገር</u> ሃይለስላሴ ምስባዕዳውያን ሓይልታት ኮይኑ ህዝቢ ከይፈለጦ ዓጊቱዎ'ዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ እንተኾነ'ውን: ኤርትራ ብንጉስ መነሊክ: ንኮለንያል ጣልያን ተዓዲላ ከምዝነበረት እናፈለጠን: ሳላ ውድቀት <u>ናዚ ሂትለር</u> ድሕሪ 70 ዓመታት መግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን ምስተሳዕረ: ብሓይሊ ሕቡራት መንግስታት ነጻ ከምዝወጸት ኣናተረድኤ ከሎ: "ኣምላኽ ምስ ዝጸልእ ምኽሪ ይኸልእ" ከምዝብሃል: ሕቶ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ብዘተ ኣብ ክንዲ ተዛትዩ ዝፈትሖ ኣይበኞዐን። ነቲ ብቕድሚ መጋረጃ ስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያን ኣሜሪካን ኮይኑ: ተዓሲቡ ዝዓዪ ዝነበረ ሰላዪ ሃይለስላሴ ኣሚኑ: ድኣ: ነቲ ማንቲ ርብሓ ባዕዳውያን: ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ዝኾነ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን: ዝተባርዐ ኵናት ንሰላሳ ዓመታት ደቁ እናወፈየ ቀጸሎ። ብዘተ ክፈትሖ ስለዘይበኸዐ: ደቁ ኣብ'ቲ ንርብሓ ባዕዳውያን ዝኾነ ፕሮክሲ-ዎር ኵናት ኤርትራ እናልኣኸ: ክጠፉኡ ከይተቓወመ ተዓዚቡ'ዩ። ክሳብ ሎሚ ድማ: ካብ ስስዐን ጽልዋ ባዕዳውያንን ነጻ ዝኾኑ ብቑዓትን ለባማትን ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ኣይተጠርዩን። ይኹን ኣምበር ሓዲሽ ኮይኑ ዝነብር ስለዘየለ: ንድሑር መስፍናዊ መግዛእቲ ሃይለስላሴ ዝተረድኤ: ጅግና ብሪገደር ጀነራል መንጊስቱ ነዋይ: ምስ ሓዉ ግርማ ነዋዩ: ንጉስ ሃይለስላሴ ንሃገር ብራዚል ገሹ ከሎ: ብ13 መስከረም ብ1960 ዓ.ም. (*13 December 1960*) ካብ ስልጣን ንግስነቱ ክግልብጦ ፈተነ። ብሓገዝ መንግስቲ ኣሜሪካን እስራኤልን ግና: እቲ ዝተሓሰበ መፈንቅለ መንግስቲ ፈሸለ።

## ★ ኣ ስ ተ ብ ህ ል ★

*ብፍላይ ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያን ኣሜሪካን እስራኤልን: ብሓፈሻ'ውን ኤውሮጳውያን: ግርጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን መሰረታዊ ፍታሕ ረኺቡ: ኣብ'ዚ ዞናን'ዚ ገስጋሲ ሓይሊ ስልጣን እንተድኣ ሒዙ: ብሓፈሻ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ: ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ሰላም እንተድኣ ሰፊኑ: እቲ ስትራተጂካዊ ቦታ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምልጦም ስለዝኾነ: ገርህኛ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይፈልጦ ብዙሕ ቃልሲታ ኣካይዶም'ዮም። ክሳብ ሎሚ ድማ የካይዱ ከምዘለው ከነስተብህለሉ ይግብኣና።*

*ዋላ'ኳ እቲ ብሓርበኛ ብሪገደር ጀነራል መንጊስቱ ነዋይ ዝተፈተነ ስጉምቲ ምስፈሸለ'ውን: ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ እናተባርዐ ድኣ ከደ። እቲ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ'ውን: ብሓገዝ ሲ.ኣይ.ኤ. እስራኤልን ኣንግሊዝን ዝሰልጠኑ ሰለልቲ ኢትዮጵያውያንን ባዕዳውያንን: ኣናተቐንጸሉን ኣናተኣስሩን ዓወቶም ተድናጕዩ እዩ። ብድሕሪ ፈተነ መፈንቅለ-መንግስቲ ብሪገደር ጀነራል መንጊስቱ ነዋይ ግና: ሃይለስላሴ ብጉዳይ ኤርትራ እናሽቀጠ: ነቲ ብልሹው ፊውዳላዊ መግዛእቱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከይለወጠ ጭቍኑ ክገዝኦ ቀጸለ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና መስፍናዊ ጭቈና ሃይለስላሴ ኣናመረሮ ድኣ ከደ። ብ1974 ዓ.ም. ብፍላይ ብጠንቂ ጉዳይ ኤርትራ: ብሓፈሻ ከኣ ብጥሜትን ዓጸቦን ወሎ ክፍለ-ሃገርን ትግራይን: ህዝቢ ኢትዮጵያን ክበራበር ጀመረ። ዘይዕገት ሰውራ (ኣብዮት) ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ ተባርዐ። እቲ ዝተባርዐ ኣብዮት ግና ንመንግስቲ ሃይለስላሴ ኣልፉን ኦሚጋን ኮኖ። ብፍላይ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ-ኣበባን ብሓፈሻ ከኣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንድሕሪት ከይበለ: ንንጉስ ሃይለስላሴ ውረድ ከይትዋረድ በሎ። ሃይለስላሴ ከኣ ብሕማቕ ታሪኽ ካብ መስፍናዊ ንግስነቱ ተቐንጠጠ። ሕማቕ ዕጫ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኮይኑ ግና: እቲ ብህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተባርዐ ሰውራ (ኣብዮት): ብሰብ ጸሮራ ወተሃደራት ድኣ ተጨውየ።*

## ★ ኣ ስ ተ ብ ህ ል ★

*ንጉስ ሃይለስላሴ ብስለላ መርበብ ዓባይ ብሪጣንያን ኣሜሪካን እስራኤልን ተሓጊዙ: ምሁራትን ለባማትን ኣናቀንጸለን እናኣሰረን: ሰልፊ ዝብሃል ኣብ ኢትዮጵያ ከይምስረት ኮነ ኢሉ እናዓገተን: <u>ፈራዲ ኣካልን: ሓጋጊ ኣካልን: ፈጻሚ ኣካልን</u> ባዕሉ: ዋርድያ ዓሰብን ባጽዕን ባዕሉ ኮይኑ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክሳብ ብደርጊ ካብ ስልጣኑ ዝሕግሓግ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ገዚኡዎ። ደርጊ ኣብ ስልጣን ምስ መጸኸ ህዝቢ ኢትዮጵያ እቲ ዝጸመወሉ ሰውራ ተዓዊቱ'ዶ? ደርጊኸ ካብ ስለላ መርበብ ባዕዳውያን ነጻዶ ነይሩ'ዶ ? ወያኔ ኣብ ቃልሲ*

*ከሎን ኣብ ስልጣን ምስ መጸንከ: ካብ ስለላ መርበብ ባዕዳውያን ነጻዶ ነይሩን ኣሎን? ሎሚኸ ወያኔ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ: ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ መግዛእቲ ንጉስ ሃይለስላሴን ደርግን ዝሓሸ ምምሕዳርዶ ረኺቡ? ብኻልእ ኣዘራርባ: እቲ ኣኩብ ድማር ቃልሲ ወለዶታት ኢትዮጵያኸ ጻምኡዶ ረኺቡ? እቲ ንዳርጋ ፍርቂ ዘመን ዝተጓዕዘ ሰውራ ኤርትራኸ: ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከሎን: ሎሚ ስልጣን ምስ ሓዘን: ካብ ስለላ መርበብ ባዕዳውያን ነጻ ድዩ? እቶም ባዕዳውያን ስለላ መርበብ: ንንጉስ ሃይለ ስላሴን ንደርግን: ንወያኔን (ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ.) ንሻዕብያን (ህ.ግ.ደ.ፍ.) ዘማኸሩ ዝነበሩን ዘለውን: ዓላማኦምን ራእዩኣኦምን ሓደ ድዩ ? ኣስከ ነዘን ሕቶታት እዚኤን በብሓደ ክንትንትነን ክንፍትን ኢናሞ: ኣንበብቲ ብኣድህቦ ኑቲ ስነመጎት (ሎጂክ) ክተስተብህልሉ ሓደራ።*

ቀ ን ዲ ሕቡእ ተ ል እ ኾ *ንጉስ ሃይለስላሴ* ብምኽሪ ባዕዳውያን ተዓሽኻ: ንመጻኢ ከይጠመትካ: ንኹሉ ገስጋሲ ሓይልታት ኣጽኒትካ: ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣላሽ ኣቢልካ: ክስብ ትመውት ብንጉሰ-ነገስትነት ጸኒሕካ: ኑቲ ከባቢ ሃገር ንባዕዳውያን ኣሕሊፍካ ምርካብ'ዩ።

# ⋆ ስ ር ዓ ት ደርጊ (ዘርጊ) ⋆

ደርጊ: ካብ ክፍሊ-መዓስከራት ወተሃደር ኢትዮጵያ ዝተኣኻኸቡ ጭፍራ መኰንናት: ንሰውራ (ኣብዮት) ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ጨውዩ ዝቘመ እዩ ብዓል ጠመንጃ'ዩ ዝነበረ። ብሽጣራ ኢትዮጵያ ብዘይ ደም ምፍሳስ ንቅድሚት" (ኢትዮጵያ ትቅደም: ያለ ምንም ደም!": ኢሉ ተላዒሉ እዩ ደፋእ እናበለ ኣብ ስልጣን ዝደየበ። ደርጊ ኣብ ስልጣን ምስ ደየበ ቀዳመይቲ ሃገር ንመንግስቱ ዝኣመንትሉ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ እያ።(ነ በ ር ዝብሃል ብኣቶ ዘነበ ፈለቀ ዝተደርሰ መጽሓፍ ተኸታተል) ጸኒሑ ግን *68* ሚንስተራት ንጉስ ሃይለስላሴ: ብዘይ ፍርዲ ከም ከብቲ ረሺኑዎም። ኑቲ ብ ኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ዝጽዋዕ ገስጋሲ ምንቅስቓስ ኣሕቂቑዎ። ኣብ ባህልን መንነትን ዝኣምኑ ሃገራውያን መስፍናውያንን ገስገስትን ዜጋታት ኢትዮጵያ ዝሓቘፈ ብኢ.ዱ (EDU) ዝጽዋዕ ውድብ ኣሕቂቑዎ። ብዶ/ር ጂኢ-ፊዚክስ ሃይለ ፊዳን: ብዶ/ር ነገደ ጐብዜን ዝምራሕ ዝነበረ "መኢሶን" ዝተባህለ ገስጋሲ ውድብ ቀንጺሉዎ። ንኹሎም ምሁራትን ፈላጣትን ብፍቕሪ ሃገር ዝግደሱን ለባማትን ምዅራትን ኢትዮጵያን: ካብ ስልጣን ገሊሉ: ኣሲሩዎምን ቀንጺሉዎምን። ደርጊ ብህዝቢ ተሰማዕነት ዘለዎም ክኢላታት ኣብ ብቅድሚ መጋረጃ ኮፍ ኣቢሉ:ንሱ ግና ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኑ ብስዉር ስለላ እናተማዕደ: ነቶም ብኣቦ-መንበርነት ኣብ ቅድሚ መጋረጃ ዝሰርዖም ካኢላታት ግና: ሃገራዊ ረብሓ ዘለዎ ርእይቶን ውሳኔን ክውስኑ ክብገሱ ከለው: ኣናቐንጸለ ስልጣን ዝጨቢጠ ፋሺስታዊ ጭፍራ'ዩ ነይሩ።

# ⋆ ቀ ን ዲ ተ ል እ ኾ ደ ር ጊ ⋆

ንምኩርን ተባዕን ሊተናንት ኣማን ዓንዶም: ከም ኣቦ-መንበር ደርግ ምስ ሸሞም: ብትብዓትን ብፍትሓዊ መንገድን ክሰርሑ ምስ ጀመሩ ቀንጺሉዎም። እቲ ቀንዲ መቐንጸሊ ሊተናንት ጀነራል ኣማን ዓንዶም ከኣ:- ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ኤርትራ በጺሑም: ንህዝቢ ኤርትራ "ኢትዮጵያ ትቕደም: ኤርትራ ከኣ ትቕደም" ዝብል መሳጢ መደረ ኣካይዶምሉ: ንኣዲስ ኣበባ ምስ ተመልሱ: ጸብጻቦም ንደርጊ ብኸምዚ ኣቕረብሉ:- "ጉዳይ ኤርትራ ብዅናት ክፍታሕ ኣይኽእልን'ዩ። ብዘተ ጥራይ እዩ ክፍታሕ ዝኽእል። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሲቪላዊ ውሽጣዊ ምምሕዳር ከምዝመሓደር ክንገብር ኣሎና": እዞም ምኩራት *68* ሚንስተራት መንግስቲ ሃይለስላሴ ዝነበሩ ከኣ: ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ፍርዶም ክረኽቡ ኣለዎም እምበር: ከም ከብ'ቲ ብዘይፍርዲ ክሕረዱ የብሎምን" ኢሎም ርእይቶኦም ንደርጊ ስለዘቕረቡ: እቶም ብዘይካ ጠመንጃ ምትኳስ: ንመጻኢ ኣርሒቖም ዘይጥምቱ: ግንከኣ ብስዉር ብስለላ መርበብ ዝምርሑ ጭፍራ ደርጊ (ዘርጊ): "ኤርትራዊ ስለዝኾነ ንህዝቢ ኤርትራ ክትፍለ ስለዝደለ'ዩ: "በለው ጥይት ኣጕርሶው" ኢሎም ብታንኪ ቀንጸልሞም።

ድሕሪ ቅንጸላ ሊተናንት ጀነራል ኣማን ዓንዶም: ንብሪግደር ጀነራል ተፈሪ ባንቲ: ቀዳመይ ሊቀ-መንበር መጻንሒ "ስልጣን" ሸሙ: ኣብ ቅድሚ መጋረጃ ኣውጽኡዎም። ካብ ደንቈሮ ቅንኢን ፍርሒን ዝተላዕለ: ንኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ገስጋሲን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ከጥፍኦ መደበ: ብሪግደር ጀነራል ተፈሪ ባንቲ ግና: "ዓገብ ከመይ ገርና ሃገራውያን ተቓለስቲ ንቕንጽል: ምስኦም ሽግር እንተድኣ ሃልዩ ብዘተ ክንፈትሖ ኣሎና" ስለዝበሉ: ከም'ታ ንሊተናንት ኣማን ዓንዶም ዘበጽሓቶም ዕጫ በጺሓቶም ተቐንጺሉ። ድሕሪ ቅንጸላ ብሪግደር ጀነራል ተፈሪ ባንቲ ከኣ: ኣባላን መራሕትን ውድብ ኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ብቐይሕ ሽበራ ዝተባህለ ሓራዲ ጭፍራ ብዘይ ንሕስያ ተቐንጺሎን ትተኣርዮም ኣብ ቤት ማሕቡስ ተዳጕኑን። ብኸምዚ ድማ ውድብ ኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ፋሕ ብትን ኣተዋ።

ኣብ ጭፍራ ደርጊ ሊተናንት ኣማን ዓንዶምን: ብሪግደር ጀነራል ተፈሪ ባንቲን ጥራይ ኣይኮኑን ትቐንጺሎም። ማኣሊያ ዘይብሎም ገስገስቲ ኣባላት ደርጊ: "ጽልዋ ኢ.ህ.ፓ. (EPRP) ኣለዎ: ጽላዋ መኢሶን እባ ኣለዎ: እዚ ከኣ ጽላዋ ሻዕቢያ ኣለዎ: እዚ ድማ ኣቈርቋዥ! እቲ ድማ ኣዳሃሪ ሲ.ኣይ.ኤ. እዩ! "ኣብ ልዕሊ ደርግ መፈንቅለ መንግስቲ መዲብኩም! ወዘተ... ተባሂሎም ከም ብዓል ብሪገደር ገታቸው ናደው ኣዛዚ ሰራዊት ኤርትራ ዝነበረን: ሺ-ኣለቃ ሲሳይ ሃብተን ካብ ሓይሊ ኣየር: ሻምበል ኣለማየሁ ሃይለ: ብዙሓት ኣስማቶም ኣብ'ዚ ዘይተጠቕሰ ኣባላት ደርግ: ተቐንጺሎም'ዮም።
ቀ ን ዲ ተ ል እ ኾ ደ ር ጊ: ንኹሉ ገስጋሲ ሓይልታትን ህዝብን ኣጽኒትካ: ሃገር ንባዕዳውያን ኣሕሊፍካ ምርካብ'ዩ።

> **ኣ ስ ተ ብ ህ ል:**
> ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ደርጊ ነንሓድህዱ ንስልጣን ዝተሓራደድ ዝነበረ። ሾነታት ኤርትራ ኣናገንፈለ ካብ ቍጽጽር ደርግ ወጻኢ ኮይኑ ይጒዓዝ'ኳ እንተነበረ: መራሕቲ ጀብሃን ሻዕብያን ንባዕሎም ድማ: ካርታ እናተጻወቱ: ነቲ እኣሕዋት ዝኾነ ተጋዳላይ ብውግእ ሓድህድ የፋልሱዎ ነይሮም። መሪሕነት ወያኔ'ውን ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ገስገስቲ ሓይልታት ከም ብዓል ንኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ትግራይ: ኦሮሞን: ካልኦት ገስገስቲ ሓይልታትን ኣናጻረየ እዩ ነይሩ። እዚ ኩሉ ግን ስለምንታይ ኮን ይኸውን ኢልናስከ ከነስተብህል ንፈትን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ሾናት ሕድሕድ ጀብሃን ሻዕብያን ውሽጣዊ ግርጭታት ኣብ ወያኔን ገዲፍካ: ኩነታት ኤርትራ ዝገንፈለሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ለተናንት ኮሎኔል መንግስቱ ካልእ ረቂቕ ስለላ ገዲፍካ: ኣይ ምስ ምብራቕ ኣይ ምስ ምዕራብ ኮይኑ እንታይ ከምዝገብር ዝጠፍኦ እዋን'ዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ ዝነበረ ኣጽዋር ውግእ: ስለዝመረተን ዝኣረገን: ብወገን ኦጋደን ድማ ሓይሊ ሶማል ይልዓል ስለዝነበረ: ሓዲሽ ኣጽዋር ንሞዳግ ምስ ገለ ዓለማት ክጽጋዕ ግድነት ኮኖ። ካብኡ ምስ ኩባን የመንን ሶቬት ሕብረትን ብህጹጽ ሽርክነት ክገብር ተገደደ። ኣጽዋር ክልምን ኣብቲ ብረዥኔቭ ዝምራሕ ዝነበረ መንግስቲ ክረሚል ከኣ ተጓዕዘ። ብረዥኔቭ ከኣ ኮሚንስት ምዃንካ ንመረጋገጺ "መዓስከር ኣሜሪካ ካብ ቃኘው-ስተሽን ኣንተ ሰጒግካዮም: ኣጽዋር ክንህበካ ኢና" በሎ። ካብኡ ለተናንት መንግስቱ ሃይለማርያም: መዓስከር ኣሜሪካ ካብ ቃኘው-ስተሽን ከምዝግዕዝ ገበረ። ብረዥኔቭ ድማ ክቈጻጸሮ ዘይክእል ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋርን: መሃንድሳት ከቢድ ብረትን: ኣማኸርቲ ኣባላት ከይጂብን: ብዘይተኣደነ ሓረጣ ተለገሰሉ።

## ⋆ ቅ ል ው ላ ው ደ ር ጊ ብ ሰ ን ኪ ሕ ቶ ኤ ር ት ራ ⋆

ብከቢድ ኣጽዋር ሶቬት ሕብረት ተመኪሑ ድማ: ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንኽእቱ: ብወራር ናዶው ዝፍለጥ ግብረ ሓይሊ ኣዕጢቑ ከኣ ንሳሕል ዘመተ። እቶም ኣብ ኤርትራ ዓሪዶም ዝነበሩ: ዝነበሩ ብኣሚሪካውያንን እስራኤላውያንን ዝሰልጠኑ: መራሕቲ ወራር ኢትዮጵያ ግና: ብሩስያውያን ክእዘዙ ምስ ጀመሩ: ሞራሎም ስለዝተሰብረ እቲ መንግስቱ ዝፈከረሉ ግብረ-ሓይልታት ዘርባዕባዕ በለ። ብኣንጻሩ ግና እቲ ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ሩስያ ዘይዓጀቦ: ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ሓይሉ በርትዐ'ሞ መቓብር ግብረ-ሓይልታት ደርግ ድማ ኣፍዓበትን ዓዲ-ሽሩምን ኮና። ካብኡ ለተናንት ኮረነል መንግስቱ ሃይለማርያም: ንሻለቃ ኣጥናፉ ኣባተ: "ንዓ ጒይኻ ጒዳይ ኤርትራ ኣጽንዕን: ኣተሃዳዲእካ ድማ ተመለስን: ኢሉ ብህጹጽ ነስመራ ንኽበጽሕ ኣዘዞ። ሻለቃ ኣጥናፉ ከኣ ትእዛዝ መንግስቱ ኣኽቢሩ ንኤርትራ ከደ። ንኹሎም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ጀነራላትን መኮንናትን ካድረታትን ኣኪቡ ድማ ኣስተምህሮ ሃበ። ነቲ ህሉው ኮነታት እንታይ ምዃኑ ከኣ ብሕቶ መልክዕ ነጥብታት ኣኻኸበ። ነቲ ጒዳይ መርሚሩ ምስ ኣጽንዖ ከኣ: እቶም መኮንናት ኢትዮጵያ: ነቲ ብሓለፍቲ ድቂ ሰቬየት ሕብረት ዝውሃቦም ጋሻ ትእዛዝ: ከም ኮሎንያላዊ ትእዛዝ ገሮም ስለዝወሰድዎ: ኣብ ትሕቲ ኮሎኒ ሶቬት ሕብረት ከምዘለው: ንሻለቃ ኣጥናፉ ኣባተ ቅሬታኦም ገለጹሉ። ብተወሳኺ'ውን እቶም ብሓጺር ግዜ ጥራይ ብስለላ-መርበብ (ከይ.ጂ.ቢ.) ዝሰልጠኑ "ካድረታት መንግስቱ": ኣብ መንጎ ወተሃደራትን ሰበ-ስልጣንን: ህውከት ስለዘተኣታተው: ተተኣርዮም ንኣዲስ ኣበባ ክምለሱ ጠርዑ። እዚ ኣንተዘይተፈጺሙልና ግና ከምዘይንዋጋእ ነፍልጠካ ኣሎና ኢሎም ጥርዓኖም ኣቕረቡሉ።

ካብኡ ሻለቃ ኣጥናፉ: ነቲ ብኢትዮጵያውያን መራሕቲ ሾናት ኤርትራ: ዝተዋህቦ ጸብጻባት ኣኻኺቡ: ንለተናንት ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ብሽም'ዚ ኣቕረበሉ:- "ኣብ ትሕቲ ኮሎኒ

ሶቭየት-ሕብረት ኢና ዘሎና: መሳርያኦም ይሃቡና'ምበር ብልዕሌና ኮይኖም ክእዝዙና ኣይንፈቅድ ኢና። ብኣዚሎ ፍልጠት ከይጂቢ ዝሰልጠኑ ካድረታት ጽውጽዋይ እናመሃሩ: ኣብ መንጎ ሰበ-ስልጣንን ወተሃደራትን ግርጭት ነዚሖም ከስርሑና ስለዘይከኣሉ: ስለዚ ከይውዓሉ ከይሓደሩ ክልዓሉልና ንጠልብ ኣሎና": እዚ ዝጠለብናዮ ጠለባት ምስዘይፍጸም ግና: ብኽም'ዚ ኣገባ'ዚ ንሻዕብያ ክንምክቶ ቅሩባት ኣይኮናን" ኢሎም: ኣብ ኵናት ምእታው ተሓሲሞም'ዮም"። ስለዚ ጕዳይ ኤርትራ ብኽም'ዚ ዝኸዶ ዘሎ ክፍታሕ ከምዘይክእል ኣረጋጊጾ'የ" ኢሉ ጸብጻቡ ኣቕረበሉ። ለተናንት ኮለነል መንግስቱ ሃይለማርያም ግና: ስዉር ስለላዊ ምኽሪ ስለዘለዎ: ዋላ ትንፈር በጊዕያ ኢሉ ንኮሎኔል ኣጥናፉ ኣባተ ክቕንጽሎ ወሰነ። ንኮሎኔል ኣጥናፉ ኣባተ ካብ'ቶም ቀንዲ መስረቲ ቀዳሞት ኣባላት ደርጊ 2ይ ብጻይ (ጓድ) ሻለቃ መንግስቱ ሃይለማርያም ኮይኑ: ንነዊሕ እዋን ከይተቐንጸለ ዝጸንሐ ከኣ: ከምታ ንሊተናንት ጀነራል ኣማን ዓንዶምን: ብሪገደር ጀነራል ተፈሪ ባንትን ካላኦት ዝተቐንጸሉ ኣባላት ደርግን ዝበጽሓቶም ዕጫ በጽሓቶ።: ለተናንት ኮሎኔል ኣጥናፉ ኣባተ ተቐንጸለ። "የፍየል ውጠጤ ዘጠኝ ትወልዳልች: ልጆችዋም ይሞታሉ: እስዋም ትሞታለች" ብዝብል ልሙድ መርድእ "ለሰፊው ህዝብ" ኣወጀሉ። እቶም ቀንዲ ሰለልቲን: ዓንዲ ሕቘ መንግስቱ ዝኾና ቤት-ጽሕፈታት ሒዞም: መንግስቱ ዝኣዘዞም ኣሜን ኢሎም ትእዛዙ ዝፍጽሙን ዝነበሩን: ከይተቐንጸሉ ከኣ ክሳብ መወዳእታ ዝጸንሑ: ኣዞም ዝስዕቡ'ዮም።

1 ሻ-ለቃ ተስፋየ ገብረኪዳን ምክልኻል ሓላፊ:

2 ሻለቃ ተከ ቱሉ ጸጥታ ሓላፊ

3 ሻለቃ ኣስራት ደስታ ዜናን ሓበሬታን ሓላፊ

4 ርክባት ወጻኢ ጕዳያት: ሻለቃ ሲሳይ ሃብተ ድሓር ዝተቐንጸለ።

ሓይሊ መንግስቱ ብሓይሊ ስለላ መርበብ ሞሳድን ሲ.ኣይ.ኤን: ብሰውራ ኤርትራን ብሰውራ ወያኔን: ብኻልእ ሸነኽ ድማ ብውድቀት ኮምኒስቲ ብሎክን ተሳዕረ። ኢትዮጵያ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቈላ ኢሉ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንሻዕብያን ወያኔ ራሕሪሑሎም ንዚንባበ ዓለበ። *(ነበር ዝብል ብዘነበ ፈለቀ ዝተደርሰ መጽሓፍ ተኻታተሉ)*

## ⋆ መ ራ ሕ ቲ  ወ ያ ኔን  ተ ል ኡ ኾ ኦ ም ን⋆

**ወ ያ ኔ** ጸረ-ሰውራ: ኣብ ኢትዮጵያ *(Counter Revolution:* ንምክያድ: ማለት ዝኾነ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያን ከባቢኣን ዝልዓል ምንቅስቓስ: ኣበርዒኑ ንምልእቲ ኢትዮጵያ ንክመርሕ ካብ ማእከል ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ: ብስለላ መርበብ ኣሜሪካን ኣንግሊዝን እስራኤልን ተመልመሉ: ብፍላይ ምስ ኢሰያስ እናተላፈነ: ዝበለየ ፍልስፍና ሆጃን-ማርክሰ-ለኒንነትን: ንኽምስሉ ከም ስነሓሳብ መምርሒ ወሲዶም ንበረኻ ብመደብ ዝተላእኩን እዮም። መራህቲ ፖሊት ቢሮ ወያኔ: ብፎርጅድን ፐን ነይምን ኣስማት ተጠሚቖም: ዘይስሞም ኣናተጸውዑ ክሳብ ሕጂ ንመርሕ ኣሎና ዝብሉ ጭፍራ'ዮም።

መራሕቲ ወያኔ: ከም'ታ ንጉስ ሃይለስላሴን ደርግን: ኣብ ልዕሊ ገስገስቲ ሃገራውያን ዝፍጽምዎ ዝነበሩ: ብዓይነት ይፍለ'ምበር: ትሕዝቶኡስ መራሕቲ ወያኔ: ዝፍጽምዎ ዘነበሩ ረቂቕ ይኹን ኣምበር ፍልልይ የብሉን። *If A = B and B = C Therfore A = C* ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ:- ብዓላማ ንጉስ ሃይለስላሴን ደርግን ሓደ እንተድኣ ኮይኖም: ደርጊ ድማ ምስ ወያኔ ሓደ እንተድኣ ኮይኑ: ስለዚ ሃይለስላሴን ወያኔን ከኣ ሓደ'ዮም ማለት'ዩ። እዚ ስነ መጐታዊ መርትዖ ዘለዎ ክውንነታዊ ሓቂ'ዩ። ሎሚ ኣንተዘይተገሊጹልና ድማ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት በሪሁ ክግለጸልና እዩ።

ንመረዳእታ:- መራሕቲ ወያኔ ነቶም ካብ ደርጊ ነፊጾም ንሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ፋሺስታዊ ደርጊ ሓራ ከነውጽኣ ኢና ኢሎም ንኽቃለሱ ንበረኻ ዝወፈሩ: ሓርበኛታት ሃገራውያን ኢትዮጵያውያን: ኣባላት ኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ብዝረቓቕ ሜላ ብዘይ ምንሓፍ ቀንጺሎምዎም'ዩ። ነቶም ካብ ዓላማኦምን ራእዩኦምን ዘልገሱ ከኣ ብግዲ ኣስዲዮም: ኣብ ስልጣን ሰቒሎሞም'ዮም። ንኣብነት:- በረኸት ስምኦም (ኣልጋውራሽ መለስን) ኤርትራዊ መበቈል ዘለዎ። ተኣምራት ላይነ (ሓቀኛ ስሙ ጸጋይ

ተኸስተ: መበቈሉ ኤርትራዊ ኣከለጉዛይ) ገለ ተረፍ-መረፍ ኢ.ህ.ፓ.(EPRP) ነበር መዓሸዊ ስልጣን ዓዲሎሞም'ዮም። ጸኒሖም ግና ከም ብዓል ተኣምራት ላይነ ( ቀንዲ ስሙ ተኸስተ ጸጋይ)

**መኢሶን**: መብዛሕትኦም ኣባላት መኢሶን ኣብ ኢትዮጵያ ብደርጊ ተቐንጺሎም'ዮም። ዝተረፉ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓለም-ብቃ በልዮም። ካብ ደርጊ ሃዲሞም ኣብ ወያኔ ዝሰለሙ ተረፍ-መረፍ ኣባላት ባርቲ መኢሶን ድማ: ብዘይ ንሕስያ ብወያኔ ተቐንጺሎም'ዮም። ኣብ ኢትዮጵያወያ ብተሕተ-ባይታ ገና ዝቃለሱ ዝነበሩን: ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝበልዩ ዝነበሩን ኣባላት ሜኤሶን ድማ. ወያኔ ንኣዲስ ኣበባ ምስተቋጻጸሩዋ: ንውዲት ወያኔ ኣጸቢቖም ከምዝፈልጡዎ ወያኔ ስለ ዝፈልጡ: ኣብ ስልጣን ክመጹ ዕድል ኣይረኸቡን። መብዛሕትኦምድማ ንወጻኢ ጠፊኦም። ኣብ ባህልን መንነትን ዝኣምኑ ሃገራውያን መስፍናውያንን ገስገስትን ዜጋታት ኢትዮጵያ ዝሓቘፈ ብኢ.ዱ (E.D.U.) ዝጽዋዕ ውድብ'ውን ብደርጊ እኳ መብዛሕትኡ ኣንተጠፈኤ: ወያኔው'ን ኣብ ሜዳ ዓጊቱ ዝተረፉ ኣዳጊሙዎም'ዩ።

እብ'ቲ ፈለማ እዋን ሰውራ ትግራይ ክብገስ ከሎ: ብተጋድሎ ሓርነት ትግራይ ዝብል (T.L.F.) ስም'ዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ንህዝቢ ትግራይ ንምህማል ከኣ ብ(T.L.F.) ዝብል ስም ተበጊሱ። ሓቀኛ መትከል ግና ብዘይካቶም ለዋሃት ተቓለስቲ ከቶ ኣይነበሮን። እቲ ስዉር ሓቂ ኣባላት ፖሊት ቢሮ ወያኔ (ብፍላይ ስብሓት ነጋ: መለስ ዜናዊ: ስዩም መስፍንን (እምባየ ስዩም) ካልኦት ዋህዮታት ስለላ-መርበብን: ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ንሜዳ ክፋነው ከለው: ብስዉር ዝተዋህቦም ተልእኾ (ከምታ ተልእኾ ኢሰያስ) ንምፍጻም እምበር: ተውሳኺቱ ንጭቁን ህዝቢ ትግራይስ ነጻ ከውጽኡዎ ኢሎም ኣይኮኑን ንሜዳ ወጺኦም። ስለዝኾነ: ቅንይ ከይበሉ ነታ (T.L.F.) ዝነበረት ውድብ ኣሕቂቖም: ከም'ታ ኢሰያስ ን(E.L.F.) ምስኦም ተላፊኑ ኣሕቂቑ ብ(E.P.L.F.) ዝተክኣ: ብ(T.P.L.F.) ተኪኦማ። "ራዛ ና'የቡኡ ሓዛ" ከምዝብሃል ግና: መራሕቲ ወያኔ ካብቶም መሳፍንቲ ኣቦታቶምን ኣቦሓጎታትምን ዝወረስዋ ጕርሒ ስለዘላቶም: ዲምክራስያውያን ንኽመስሉ ብረቂቕ ሜላ: ነቶም ውሑዳት መራሕቲ (T.L.F.) ዝነበሩ ከይቀንጸሉዎም: ንወጻኢ ንኽስደዱ ኣፋኒዮሞም። እቲ ከምኡ መግበሪኦም ከኣ ስዉር ሜላ'ዩ። ንሱ ከኣ:- እንተቀንጺሎሞም ሰራዊት ክልዓሎም'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኣንተ ገዲፎሞም ከኣ ሰውራ ከልዕሉ'ዮም። ስለ'ዚ ሃገር ገዲፎም እንተድኣ ዓሪቦምሎም ግና: ብዓል "መለስን ዜናዊን" "ስብሓት ነጋን": ስዩም መስፍን" ኣዳዕዲዖም መርበብ ስለላኦም ምስ ኢሰያስ ከደልድሉ ይኽእሉ ማለት'ዩ። T.P.L.F. ከኣ ብኸምዚ ትሕተ ቅርጻኡን መደብ ዕዮኡን: ልክዕ ከም (E.P.L.F.) ኮነ። ማንታ ክፍሊ ባህል-ሻዕብያ ዝኾነት ክፍሊ ሙዚቃ-ማለሊት ኣዋፈሩን: በቲ ትምህርቲ-ሓሶት ዝኾነ መጻንሒ ማርክሰ-ለኒን ድማ ነቲ ጨጓር ዳንጋ ሰራዊት ወያኔ: ሓንጎሉ ሓጻጺቡ ኣደንዘዞ። ንትግራይ ነጻ ከነውጽእ ኢና ኣናበለ ክሳብ መቐለ ዝበጽሑ ሰለይ ከብሎም ጸንሐ።ብ1987 ዓ.ም. ትግራይ ነጻ ምውጻእ ስለዝንኢሳትና: ሓዲሽ ምዕባለ ኣውጺኣና ኢና: ሕጂ ንመላእ ኢትዮጵያን ነጻ ከነውጽኣ ክንቃለስ ኣሎና": ኢሉ ጠቢሩ ጠባቢሩ ንብዙሓት ሰራዊት ወያኔ ምስ ኣስድዖም። ዓላማና ንምሉ ጭቁን ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእ እዩ ኢሉ ድማ ብወግዒ ኣወጁ። ጸኒሖም ትማ ብስዉር ውዲት ሰባብ ፈላልዩ ዝኾነ "ካርታ ትግራይ ትግሪኝ" ሓንጺጾም ኣዳለው። ካባኡ ነቶም ነቲ ሓዲሽ መደብ ዝተቓወሙ ደቂ ትግራይ: ምስ ኢሰያስ ብምስራኽን ብምልፋንን ኣብ ሓለዋ ሰውራ ዝቐንጸል ቀንጺሎም ዝተረፉ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ኣብለዩዎም።

## ★ ኣ ስ ተ ብ ህ ል ★

ወያኔ ብዓል ስዩም መስፍን(ቀንዲ ስሙ እምባየ መስፍን) ዝነበሩዎም: ኣብቲ መጀመርያ ግዜ ዓዲ-ወረሶ ዝተባህለ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ: ክፍሊ ታዕሊም ቦታ ክዕልምዎም ጀሚሮም። "ስለምንታይ ኣብ'ዚ ንዕለም ኣሎና: ንትግራይ ሃገርና ነጻ ከነውጽእ ዶይኮናን መጺእና": ኢሎም ምስጠርዑ: መሪሕነት ወያኔን ሻዕብያን ተሰማሚዖም: ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ሓማሴን ዝርከብ ሩባ-ማራት ዝተባህለ ቦታ ብጸልማት ኣግዓዙዎም። ሩባ-ማራት ኣብ ትሕቲ ፍሾይ ባሕሪ ዋራ-ድንበዛን'ያ ትርከብ። ኣብቲ ሎሚ ብዓል ፔጥሮስ ሰሎሙን ተኣሲሮምሉ ዘለው: <u>ኣውሒተት</u> ዝብሃል ዝዓበየ ቤት ማሰርቲ ኣብ ጥቓኡ'ዩ ማለት'ዩ። ኣብኡ ዘግዓዙዎም ቀንዲ መኸንያት ድማ: እቲ ቦታ'ቲ ካብ ባጽዕ ክሳብ ኣስመራ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተኸርዲኑ ስለዝነበረ: ካብኡ መሊቖም ንትግራይ ክኸዱ ዕድል ስለዘይረኽቡ ስለዘረጋገጹ'ዮም። ካብኡ ታዕሊሞም ምስ ወድኡ: ቶኺሉ መራሕቲ ወያኔ "ንሕና ንሓይሊ ኢትዮጵያ ከንውድቖ ኣንተድኣ ኮና: ምስ ኤርትራውያን ኣሕዋትና ተላፊና ኢና። ንበይንና ኣብ ትግራይ ጥራይ ኣንተድኣ ዓሪድና ግና: ሰራዊት ኢትዮጵያ ብቐሊሉ ከጥፍኣና እዩ። ኢሎም ሓንጎሎም ሓጺቦም ንሳሕል ኣግዓዙውም። ውድብ ውያኔ ብኸምዚ ለመም ኣናበለ: ዕጥቅን ስንቅን ሻዕብያ እግሪ ተኸለ። መበቈሎም ትግራዎት ዝኾኑ: 18.000 ተጋደልቲ ኣባላት

ፖሊት-ቢሮ መሪሕነት ሰራዊት ወያኔን: ኣብ ውሽጢ ሻዕብያ ክጋደሉ ጸኒሖም። ኣብ እዋን "ነጻነት-ኤርትራ ከኣ ነስመራ ኣትዮም። ክሳብ ሎሚ ድማ ኣብ ዝልዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኮይኖም: ኣባላት "መንግስቲ ትግራይ ትግርኝ" ወይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ብሓቂ ከምዘሎ ከነስተብህለሎ ኣሎና።

## ★ ክ ዝ ን ጋ ዕ ዘ ይ ብ ሉ ሓ ቂ ★

መንግስቲ ንጉስ ሃይለስላሴ ማኣለያ ዘይብሎም ገስገስቲ ኢትዮጵያን ሓይልታት ኣጥፊኡ።
"ደርጊ" ድማ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ: ገስገስቲ ኢትዮጵያውያን ሓይልታት:- ንኢሃፓን ንመኢሶንን ንኢዱን ንኢ.ማ.ለ.ድን ንኢ.ሳ-ፓን ንሙሉኣት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ንጉስ ሃይለስላሴን: ንንጉስ ሃይለስላሴን ከጥፍእ ከሎ: ንሻዕብያን ንወያኔን ኣጥፊኡ ከኣ ልዑል-ስልጣን ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ከረጋግጽ ይሓልም ነይሩ። እቲ ኣብ በረኻ ዝነበረ ፖሊት-ቢሮ መሪሕነት ወያኔ ድማ: ንኢሃፓን: ንመኢሶንን: ንኢዱን ንተጋድሎ ሓርነት ትግራይን (T.L.F) ንገድሊ ኦሮሞን (ኦነግ): ምስ ሻዕብያን መራሕቲ ጀብሃን ኮይኑ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣሕቂቑ። እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ከኣ ኢሰያስ "ንሕና ደገፍቲ ቃልሲ ገድሊ ኦሮሞ (ኦነግ) ኢና: ኢሉ ኣናወርዘየ ብስዉር ውዲት ሓደ ዓላማ ምስ ወያኔ ስለዝነበሮ: ንገድሊ ኦሮሞ ንዋያኔ ኣሕሊፉ ሂቡዎም'ዩ።

መራሕቲ ወየኔ ድማ ዝገደደ: ንገስገስቲ ኢትዮጵያውያን ሓይልታትን: ንኢሃፓን: ንመኢሶንን: ንኢዱን: ንገስጋሲ ሓይሊ ኤርትራ ተ.ሓ.ኤ.ን: ብዓቢኡ ምስ ኢሰያስ ተላፊኑ ንደርጊ'ውን ኣጥፊኡ። ሎሚ ድማ ኢሰያስን ወያኔን ብስዉር: ነቶም ትግራይ ትግሪኝ ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኣድሒኖም: ነቲ ወደባት-ኤርትራ ዝኾነ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ፈጺሙ ከጥፍእ ይሰርሕ ኣሎ።

ታሪኽን ውዲታዊ መስርሕን ወያኔን ሻዕብያን ዝተኻታተለ ሰብ: <u>ወይኔ ክምስረት ከሎ ዝተናውሐን: ንጹርን ራእይን መደብን ሒዙ'ዩ ንሜዳ ወፊሩ።</u> ንሱ ድማ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣላሽ ከብሉዎ ስለዘይከኣሉ: ብዝረቐቐ ዝተጸንዐ መደብ ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ. ተኸቲሉ: ንቃልሲ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራ ብኹንትራት ንኽበርዕን ዝተዋፈረ መሳርሒ ባዕዳውያን ጭፍራ'ዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘገርም ከኣ: ኣብ ኵናት ባድመ መራሕቲ ወያኔ: ዋላ'ኳ "ዲክታቶር ኢሰያስ ከልግስ ኣለዎ" ኢሎም: ንህዝቢ ንምትላል ኣንተሃደዱ ከቶ ሓቂ ኣይነበረን። እቲ ሓቂ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣዳኺምካ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስደትን መከራን ኣጻዲሕካ: ዋርድያ ኢሰያስ ኰንካ: ኢሰያስ ኣብ'ቲ ሕገ-ኣልቦ ስልጣኑ ተወጢሑ ክጸንሕ'ሞ: ነቲ ዝተረፈ ሓርበኛ ኤርትራዊን መንእሰይን ንኽጽንቶ ዕድል ምሃይብ ጥራይ እዩ። ብሓቂ ወራር ወያኔ: ንኢሰያስ ካብ ፋሺስታዊ ስልጣኑ: ንምልጋስ ኣንተዝነብር ነይሩ: እቲ ንባሮንቱንን ንእምባ-ሶይራን ተቛጻጺሮሞ ከለው: ነስመራ ኣትዮም ንኢሰያስ ካብ ስልጣኑ ከልግሱዎ ቀሊል'ዩ ነይሩ። ኢሰያስ መሻርኽቶም ስለዝኾነ ግና: "እታ ብርኵታ ኣምኒ ኣላታ" ኮይን። እቲ ቀንዲ ስዉር ውዲት ውያኔ እምንኣር: ኣብ ዝተናውሐ እዋን: ንራእዩ ህዝቢ ኤርትራ ኣላሽ ንምባል'ዩ። ንኣብነት:- ጽባሕ ብጊሓት ሰራዊትን ህዝብን ኤርትራ: ንኢሰያስ ካብ ስልጣኑ ከውርዶ ወይ ክግልብጦ እንተዝልዓል: ሰራዊት ወያኔ ብቕጽበት ካብ መዓርፎ ነፈርቲ መቐለ ተላዒሎም: ነስመራ ምኣተው ነይሮም። ምናልባት እዚ ርእይቶ'ዚ ንብዙሓት ገርሀኛታት ከስደምሞ ይኽእል ይኸውን: ግን ክንቡርኩት ከይንቡርኩትት ጥራይ ኣብ ማይ ንብጻሕ። እቶም "ፓርትታት" "ምሕዝነት" "ኪዳን" "ሕቶ-ብሔር": "ሃገራዊ ዋዕላ" እናበሉ: ኣብ ትሕቲ ጽላል ቶኽላ ወያኔ ኣጽሊሎም: ንህዝቢ ኤርትራ ንቃለሰሉ ኣሎና ዝብሉ ግና: ነቲ "እናፍራ ቈቓሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃይዳናይን" ዝብል ምስላ: ኣስተብሂሎም ብነብሰ ምትእምማን ንኽቃለሱ ኣንተዝብገሱ ዘኾርዕ ታሪኽ ነይሩ።

## ★ ኣ ስ ተ ብ ህ ል ★

ንመስርሕ ወያኔን ኢሰያስን ተመራሚሩ ብመጽናዕቲ ዝከታተል ሰብ: ነዚ ትንተና'ዚ መጒታዊ ሓቂ'ምበር ልቢ-ወለድ ከምዘይኮነ ክግንዘቦ ይኽእል'ዩ። "ዘይወግሕ መሲሉዋስ ኣብ ቦኾራ ትጽሕጽሕ" ከምዝብሃል: ሎሚ ዝዕንድር ዘሎ ሓይሊ: ጽባሕ ከምዝሓፍር መጒታዊን ታሪኻዊን ሓቂ'ዩ። መራሕቲ ወያኔን ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ጽባሕ ዘይወግሕ ድኣ መሲሉዎም እምበር: ሎሚ እቲ

ውዲቶምን ስዉር ተልእኾኦምን ኣናተቓልዐ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ግና ከም "ጆከር" ኮይና ዕድሜ ክልቲኦም ተናውሕ ዘላ: እታ ባዕዳውያን ዝረብሑላ ጉዳይ ኤርትራ'ያ። ርግጽ'ዩ ዓሰብቶም "ካብታ ዝሃብናኩም መደብ-ዕዮ: ምዒይ ኣንተበልኩም ትጉረሽኩም" ስለዝብሉዎም: ከም'ታ ንጉስ ሃይለስላሴን ሌተናንት ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያምን ዝፈጸምዋ: ዋላ ትንፈር በጊ'ያ ኣናበሉ: ደም ኣናጠዓሞም: ክሳብ ዝጠፍኡ ንህዝቢ ከጥፍኡ ግድነት ክፍትኑ ከምዝኾኑ ከነስተብህለሎም ይግባኣና።

ቀ ን ዲ ሕቡእ ተ ል እ ኾ ወያኔ : ካብቲ ተልእኾ ደርጊ ኣይፍለን'ዩ። ንኹሉ ገስጋሲ ሓይልታት ኣጽኒትካ: ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣላሽ ኣቢልካ: ነቲ ከባቢ ሃገር ንባዕዳውያን ኣሕሊፍካ ምርካብ'ዩ።

★ ቀ ን ዲ ሕቡእ ተ ል እ ኾ ኢሰያስ: እንታይ ከምዝኾነ ድማ ኣብ ዝቕጽል ኣስተምህሮ ብሰፊሑ ክትንተን'ዩ ★

ኢሰያስ ንዓላማ ንጉስ ሃይለ-ስላሴን: ለተናንት መንግስቱ ሃይለማርያምን: ንምትግባር'ዩ ዝቃለስ ዘሎ። ንገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ግና: ሓቂ ንከምስል በተን ድምጺ ሓሶት ዝኾና "ድምጺ-ሓፋሽን" "ድምጺ ቲቪ-ኤረይን" እናተጠቐመ: ክሳብ ሎሚ "ወያኔ ጸረ-ልዕላውነት ኤርትራ'ዮም" ኣናበለ ዓንገረር ይብል ኣሎ። እቲ ሓቂ ግና ህዝብና ዘይፈልጦ ስዉር ውዲት ኣሎ። ንሱ ድማ ብሓጺሩ መለስን ኢሰያስን: ወያኔን ህ.ግ.ደ.ፍ.ን: ክልተ ገጽ ሓደ ቂርሺ'ዮም። ኢሰያስ ኣፈወርቅን: መለስ ዜናዊን ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግራውንድ-ዜሮ ንኸብጽሑዎ: ስዉር ቃል-ኪዳን ኣትዮም'ዮም'ዩ። ንመረዳእታ: ብ*1991* ዓ.ም. ሀርማን ኮሀንን: መለስ ዜናዊን: ኢሰያስ ኣፈወርቅን: ኣብ ለንደን ዘካይድዎ ህዝቢ ዘይፈልጦ ስዉር ውዕል ህያው ምስክር'ዩ።

*ብሓልዮት ክፍሊ መጽናዕትን ምርምርን መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ 9 ሓምለ 2010 ዓ.ም.*